# ትሻዓተ መዓልቲ
# ሰላም ኣብ ሕይወትካ ንኽትቅበል

ብ ኣባ ሓጐስ ተስፋጋብር

ኣዲስ ኣበባ - 2022

## ይተሓተም፥

ኣባ ለኣንድሮ ኩንሃ ሎፐስ
ጠቕላሊ ሓለቓ ማኅበር

P. Leandro Cunha Lopes, fsa.
Superiore Generale

## ኣቕራቢ፥

ኣባ ሓጐስ ተስፋጋብር
ማኅበር ደቂ ቅድስቲ ሓና

# ትሸዓተ መዓልቲ
# ሰላም ኣብ ሕይወትካ ንኽትቕበል

## ለይ-ኣውትን ገበር ዲዛይንን

**ሓይለኣብ ክፍላይ**

**መሰል ኣቕራቢ ብኹሉ ዝተሓለወ እዩ።**

© All Rights Reserved 2022

**frhagos@holyspiritchurch.us**
**+1(571)598-9236**

# ትሕዝቶ


መቕድም

1. መዓልቲ ........................................ 1

ኣድላይነት ወይ ሕጹጽነት ውሽጣዊ ሰላም

2. ካልኣይ መዓልቲ ........................................ 2

ሰላም ሕያብ ኣምላኽ

3. ሳልሣይ መዓልቲ ........................................ 12

መጠን ሰለማዊ ዝኾንካ፡ መጠኑ እግዚኣብሔር ኣባኻ ይሥርሕ

4. ራብዓይ መዓልቲ ........................................ 13

ጸሎት ቦታ ሰላም

5. ኃምሻይ መዓልቲ ........................................ 21

ሰላም ፍረ ናይ እምነት

6. ሻድሻይ መዓልቲ ........................................ 24

ትሕትና ምንጪ ሰላም

7. ሻብዓይ መዓልቲ ........................................ 24

ምሕረት ኣብ ዘይብሉ ሰላም የለን

8. ሻምናይ መዓልቲ ........................................ 43

ሰላም ንኽተረክብ ንሕይወት ከምዘለዎ ተቐበሎ

9. ታሽዓይ መዓልቲ ........................................ 23

ሰላም ንኽትረክብ ሕጂ ንበር

መደምደምታ ........................................ 54

# መቕድም

"ኣቱም ኩሉኹም እትጽዕሩ ፆር ዝኸበደኩምን፥ ናባይ ንዑ፥ ኣነ ኸኣ ከዕርፈኩም እየ። ኣነ ለዋህ እየ፥ ልበይውን ትሑት እዩ እሞ፥ ኣርዑተይ ፁሩ፥ ካባይውን ተምሃሩ፥ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ኽትረኽቡ ኢኹም። ከመይ ኣርዑተይ ልዙብ ፆረይ ከኣ ፈኩሽ እዩ።" (ማቴ.11:25-30 )

ዝኸበርኩም ኣኀዋትን ኣኃትን ብመጀመርታ እግዚኣብሔር ነዚ ስራሕ እዚ ንኽፍጽም ዝሓገዘኒ ዝመርሓኒ ልዑል ኣምላኽ እንዳ ኣመስገንኩ ነዚ ድኹም ስርሐይ ናባኹም የቕርቦ ኣለኹ።

መጀመርታ ንዕብየትን ንክርስቲያናዊ ሕይወትን ውሽጣዊ ሰላም ክትዕቅብን ንኸተጥርን ምቅላስ ኣብ ሕይወት ወዲ ሰብ ስጋብ ክንደይ መሰረታዊ ምኻኑ ንኽንርዳእ፡ እቲ መጀመርታ ክንገብሮ ዘለና ነገር ወይ ገዛእ ርእስና ከነእምኖ ዘለና፡ ኩሉ እቲ እንገብሮ ሠናይ ዘበለ ካብ እግዚኣብሐር ጥራይ ከምዝመጽእ ምእማን እዩ። *"ብጀካይ ሓንቲ እኳ ኽትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም"* (ዮሓ.15:5) በዚ ሓቂ እዚ ክንእመን ኣድላዩ እዩ።

ደቂ ሰባት ኣብ ሕይወቶም ሰላም የድልዮም ኢዩ። ኣብ ሕይወትና ምስ ኩሉ ብሰላም ንኽነብር፡ ካብ ሰላም ዝርከብ ውሽጣዊን ደጋውን ሓጎስ ንኸነስተማቕር ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ሓደ ጥዑይ ዝኾነ ርክብ ምስ ኣኀዋትናን ኣኃትናን ምስ ገዛእ ርእስናን ክንምሥርት ይግበኣና። ኣብ ሕይወትና ሕጉሳት ንኽንከውንን ሓደ ሕጉስን ጽቡቕን ዝኾነ ዝምድና ክንምስርትን ሚዛናዊ ዝኾነ ሥነ- ኣእመራዊ ኣተሓሳስባ ንኽህልወና ብዛዕባ ገዛእ ርእስና ጹቡቕ ስሚዒት ክህልወና ኣለዎ።

እዚ ጽሑፍ እዚ ካብ "Nine days to welcome Peace" ዚብል ጽሑፍ ዝተተርጐመ ኮይኑ፡ ዕላማ ናይ'ዚ መንፈሳዊ ጽሑፍ እዚ እምበአር ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ነዚ ውሽጣዊ ሰላም እዚ ንኽንውንን ከነስተማቕርን እንታይ ክንገብር ከምዘለና ዚሕግዝ እዩ። ክርስቶስ "ገበርቲ ሰላም፡ ውሉድ ኣምላኽ ኪበሃሉ እዮም እሞ፡ ብጹኣን እዮም።" ገበርቲ ሰላም ንኽንከውን ጥራይ ኣይመዓደናን ኣይጸወዓናን። እንታይ ደኣ ብሕይወቱን ቃላቱን'ውን ብኸመይ ገበርቲ ሰላም ክንከውን ከም ዘለና'ውን ምሂሩና እዩ።

ንሓዋርያቱ ከምዚ በሎም *"ሰላም እኃድገልኩም ኣሎኹ፥ ሰላመይ'ውን እህበኩም ኣሎኹ። እቲ ኣነ ዝህበኩም ዘሎኹስ ከም'ቲ ዓለም እትህቦ ኣይኮነን፡ ኣይትሸበሩ፥ ኣይትፍርሁ።"* (ዮሓ.14፡27) ሰላም ክርስቶስ ልዕሊ ኩሉ እዩ። ዕርቂ ምስ ኣምላኽን ምስ ኣኻዋትን እዩ። ሓደ ካብ'ቶም ፍረ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ህድኣት ናይ ሓንጎልና ኢዩ። ዕርፍቲ ነፍስና እዩ። ፍቕሪ፡ የዋሃነት ናይ ልቢ ኅብረት እዩ። ከም'ቲ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ናይ ኤፌሶን መልእኽቱ እንከጽሕፍ ዝበሎ *"ንሱ ነቲ ኣብ መንጎ ዝነበረ፥ ናይ ጽልኢ ከልካሊ መንደቕ ብሥጋኡ ብምፍራስ፥ ነቶም ክልተ ሓደ ዝገበረ፥ ሰላምና እዩ"።* (ኤፌ.2:14)

ዝለ'ዚ ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ፡ ንሱ ሰላምና እዩ። ክርስቶስ ኣብ'ዚ መገዲ ሰላም ይምህረና። እቲ ናቱ ሰላም ውጽኢት ዓወት እዩ ነይሩ። ግና ወታሃደራዊ ዓወት ዘይኮነ መንፈሳዊ ዓወት። እቲ ንሱ ዚምህሮ መገዲ ሰላም እምበአር፡ ዓወት ኣብ ርእሲ ገዛእ ርእስና ደኣ'ምበር፡ ዓወት ኣብ ርእሲ ካልኦት ኣይኮነን። ንገዛእ ርእስኻ መሊኽካ ምኽኣል እዩ። *"ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ብሙማት ነቲ ጽልኢ ደምሰሶ፥ ንኽልቲኦም ድማ ሓደ ብምግባር ከኣ ብመስቀሉ ምስ ኣምላኽ*

*ኣተዓረቖም።* (ኤፌ. 2፡16) ቀጺሉ ኸአ *"ንኣኻትኩም ነቶም ርሑቓት ዝነበርኩም ሰላም አበሰረኩም፥ ነቶም ቀረባ ዝነበሩ ኸአ ሰላም አበሠሮም።"* (ኤፌ.2:17) ብዙኅ ጊዜ ካብ'ቶም ዘረሓቑ ምስቶም ኣብ ቀረባና ዘሎዉ ሰላም ንምግባር እቲ ዝበርተዓ እዩ። ብኸመይ ቢልና ኢና እምበአር ንሕና ከም ክርስቶሳውያን መሣርሕቲ ሰላም እንኸውን፣ ኣየናይ ኣብነትን መንገድን ንከተል፣ *"እቶም ዚኣምኑ ኹላቶም ሓደ ልብን ሓደ ሓሳብን ነበሩ"* (ግ.ሓ.4፡32)፡ ኣብ'ዚ ግና ሓገዝ መንፈስ ቅዱስ የድልየና።

ቅዱስ ኣጎስጢኖስ፡ ካብ'ዚ ዚስዕብ ቃል ኣምላኽ (ዘፍ.11፡34 ግ.ሓ.2:11) ተበጊሱ ከም'ዚ እናበለ ይምህር፦ "ኣብ ዓለም ክልተ ከተማ ኣለዋ ይብል፦ ሓንቲ ባቢሎን ተባሂላ እትጽዋዕ ናይ ሠይጣን ከተማ፡ እታ ካልኣይቲ ድማ ኢየሩሳሌም ተባሂላ እትጽዋዕ ናይ እግዚኣብሔር ከተማ። እታ ቀዳመይቲ ኣብ ፍቕሪ ርእሲ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ዚተሓንጸት፡ ክሳብ ንእግዚአብሔር ምንዓቕ ዝበጽሐት ክትከውን እንከላ፡ እታ ካልኣይቲ ግና ኣብ ፍቕሪ እግዚአብሔር ዝተሓንጸት ኮይና ክሳብ ገዛእ ርእስኻ መሥዋዕቲ እትሓትት እያ። እዘን ክልተ ከተማታት ክሳብ ምጽአት ዓለም ንነፍሲ ወከፍና ክፉታት እየን። ነፍሲ ወከፍና ከኣ ኣየነይቲ ተቐቢሉ ሕይወቱ ከምዚመርሕ ናቱ ምርጫ ይኸውን።"

ስለ'ዚ፡ እዚ ጽሑፍ እዚ መዓልታዊ ብሓባር ይኹን ብስድራቤት ወይ ብውልቂ፡ ኣብ ሱባኤ፡ ኣብ ዕረፍቲ ወዘተ በዚ ጽሑፍ እዚ ተመሪሕናን ተሠኒናን ክነስተንትንን ምስ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ክንራኸብን ውሽጣዊ ሰላም ክንረክብን ክንውንን ዚሕግዝ እዩ። ብፍላይ ነቶም ውሑድ ግዜ ዘለና፡ ግና ከአ ጽምኢ መንፈሳውነት፡ ጽምኢ ውሽጣዊ ሰላም ዘሎና፡ ንመዓልታዊ ኃሙሽተ ደቂቕ ብምውፋይ በዚ ጽሑፍ እዚ

ተመሪሕና መንፈሳውነትና ክነዕቢ ንኽንክእል ዚሕግዝ ጽሑፍ እዩ።

ኣብ'ዚ ጽሑፍ እዚ፡ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ዝተፈላለየ ኣርእስቲ ጸሎትን ኣብነትን ብምሃብ ናይ ትሸዓተ መዓልቲ ጕዕዞ ንክንገብር፡ ንኽነስተንትን ይዕድመናን ይሕግዘናን። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ከኣ ክልተ ናይ ኣስተንትኖ መኣዲ ማለት ካብ ቃል ኣምላኽን ምስክርነት ቅዱሳንን የወፍየልና። ሓደ ኣብ ናይ ንግሆ ጸሎት እቲ ካልኣይ ግና ኣብ'ቲ ጊዜ ዝረኸብናሉ ኣብ ዚኾነ ግዜ ናይ መዓልቲ ክነስተንትኖ ንኽእል።

እቲ ጕዕዞ ኣስተንትኖ ልምምድ ቃል ኣምላኽ፡ ኣስተንትኖ ካብ ቅዱሳትን ዓበይቲ መንፈሳውያን ጸሓፍትን መፍትሒኦምን፡ ነቲ ተሳታፋይ ናብ'ቲ ሓቀኛ መንፈሳዊ ተመክሮ ንኺበጽሕ ዚሕግዙ እዮም።

ዝኸበርኩም ኣኅዋትን ኣኃትን ኣቀዲመ ግና እዚ ጽሑፍ እዚ ብሠናይ ድልየትን መንፈሳዊ ቅንእን፡ ነቲ ኣነ ዘንበብክዎ ብሓቂ ኣብ መንፈሳውነተይ ዚሓገዘኒ ንምክፋል ደአ'ምበር፡ ናይ ጽሑፍ ክእለት ሃልዩኒ ኣይኮነን። ስለዚ ንኹሉ ጌጋታተይ በዚ መንፈስ ክትርእዩለይ ሓሳባትኩምን እርማትኩምን ክትህቡኒ ብትሕትና እላቦ። ነቶም ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ደገፎምን ናይ ትግርኛ እርማትን ዝገበሩለን ኣቦይ መምህር በየነ ቀላቲ'ውን ከየመስገንኩዎም ክሓልፍ ኣይደሊን።

እግዚኣብሔር ስለ ኹሉ ነገር ዚተመስገነ ይኹን! ኣሜን ።

ኣባ ሓጐስ ተስፋጋብር



# 1ይ መዓልቲ

# ኣድላይነት ወይ ሕጹጽነት ውሽጣዊ ሰላም

# መዓልታዊ ኣስተንትኖ

## ዕድመ ንኣስተንትኖ

አብ'ዛ ግዜን ሰዓትን እዚኣ፡ ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ቅድሚ አምላኽ ቀሪበ ብዛዕባ ህሉው ክርስቲያናዊ ኩነተይ ብምሕሳብ፡ ብህድኣት አተንፍስ፡ ብዓይኒ እምነት፡ ንገዛእ ርእሰይ አብ ቅድሚ እቲ ብለውሃት ዜፍቅረኒ አቦ መንግስተ ሰማይ ዝኾነ እግዚአብሔር አምላኽ አቕርብ። ነቲ "ንስኻትኩም ማኅደር መንፈስ ቅዱስ ምኻንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧" ዝብል ቃል ቅዱስ ጳውሎስ እናዘከርኩ፡ ነቲ ኣብ ልበይ ማኅደር ጌሩ ዘሎ ኣምላኽ ብምስትውዓልን ብጥንቃቐን ንገለ ደቓይቕ አስተንትን።

## ምልክት መስቀል

ብስም አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ አምላኽ አሜን!

## ጸሎት ናብ መንፈስ ቅዱስ

ኦ መንፈስ ቅዱስ፡ ንስኻ ብርሃነይ ኢኻ፡ ንስኻ መጸናንዕየይ ኢኻ፡ ነዓ ነዚ ናይ'ዚ መዓልቲ እዚ ጸሎተይ ምርሓዮ። ነቲ ጽባቐን ዓሚቕ መለኮታዊ ፍቕሪኻን ከምዝፈልጥን ከም ዘስተማቕርን ግበረኒ። ነዓ ናይ እግዚአብሔር ሰላም ኣብ ልበይ ኣስርጽ። ከምኡ'ውን ነዚ ሰላም እዚ ኣብ መንጎ ኣኅዋተይን ኣኃተይን ንኽዝርግሕ ክእለትካን ጸጋኻን ሃበኒ።

# ቀዳማይ ኣስተንትኖ

እቲ ኣብ'ዚ ጸሎት እዚ ወይ እዚ ሱባዔ እዚ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽና ክንሓቶ ተቀሪብና ዘለና፡ ጸጋ ናይ እግዚአብሔር ሰላም ኣብ ልባትና ብዓሚቑን ብብዙኅ መንገዲን ንኽንቅበል ዜኽእል ጸጋ ኪወሃበና እዩ። ከምኡ'ውን እዚ ሰላም እዚ ኣብ ከባቢና ክነመሓላልፈሉ እንኽእለሉ እግዚአብሔር ክእለቱን ጥበቡን ኪህበና እዩ።

እዚ እቲ ሻብዓይ ትምህርቲ ብጽዕና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ማቴዎስ ወንጌላዊ ዚመሃሮ እዩ። ክርስቶስ ኣብ'ዚ ምዕራፍ እዚ ከምዚ እናበለ ይምህር፦ *"ገበርቲ ሰላም፥ ውሉድ ኣምላኽ ኪበሃሉ እዮም እሞ፥ ብፁዓን እዮም"*(ማቴ.5:9 ) ብንጹር ሰላም ክነመሓላልፍ እንኽእል ሰላም ኣብ ውሽጥና እንተሎ ጥራይ ኢዩ። ወይ ገዛእ ርእስና ሰላም እንተ ወነንና ጥራይ እዩ።

ኣብቲ ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆላሲያስ ኣብ ምዕ.3:15 ዚጸሓፎ መልእኽቲ ከምዚ እናበለ ኣቐሚጡዎ ይርከብ፦ *"ናይ ሓደ ሰብነት ኣካላት ኮይንኩም ንሰላም ተጸዊዕኩም ኢኹም እሞ፥ ሰላም ክርስቶስ ኣብ ልብኹም ይንገሥ።"* (ቆላ.3:15) በባሃህላ ቅዱስ ጳውሎስ ነቲ እግዚአብሔር ዘወፈየልና ናይ እግዚኣብሔር ሰላም ወይ ዕድመ ምቕባል ጸዋዕታና ምኳኑ እዩ። ኣብ ሰላም ምህላው ወይ ምንባር እቲ ኣድላዪ ባእታ ወይ ጠባይ ጸዋዕታ ተልእኮ ሓደ ክርስቲያን እዩ።

እዚ ጸዋዕታ እዚ ብፍላይ ሎሚ ልዕሊ ኹሉ ኣብ'ዛ ብፍርሂ፡ ህውከት፡ ሻቕሎትን ፍትሒ ምጉዳልን ተጠቂዓ ዘላ ዓለምና ኣድላዪ ኮይኑ ይርከብ። ኣብ'ዚ ጊዜ እዚ እምበአር፡ ናይ እግዚኣብሔር ሰላም ክንቅበልን ክነመሓላልፍን ሓደ ሓቀኛ ዝኾነ መንፈሳዊ ህጹጽነት የድሊ ኣሎ። እቲ ቀዳማይ ግዴታ ኣመንቲ ክርስትና ክንገብሮ ዘለና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ፍጹማን

ኮይና ክንርከብ ኣይኮነን፡ ወይ ከአ ንኹሉ ጸገማትና ክንፈትሕ ክእለትን ዓቕምን ምህላው አይኮነን፡ ወይ ንዓወት አይኮነን። እንታይ ደአ ውሽጣዊ ሰላም ብምውናን ኣብ ሰላም ምህላው፡ ኣብ ሰላም ምንባር እዩ ።

ብዛዕባ'ዚ ሓቂ እዚ ክነስተንትን እንከሎና፡ ብዛዕባ ሓንቲ ጅግና ኣይሁዳዊት ኣብ ጊዜ ካልአይ ውግእ ዓለም ኣብ አመስተርዳም ትነብር ዝነበረት ኤቲ ሂልሶም (Etty Hillesum) ዚተባህለት፡ ብዛዕባ እቲ ዜደንቕ ጽቡቕን ምስ ኣምላኽ ዚገበረቶ ተመክሮን ክንሓስብ ንኽእል። ኣብ 1942 ናይ ናዛውያን ዓመጽቲ ወይ ሓይሊ ንኣመስተርዳም ምስ ተቖጻጸረ ከም'ዚ እናበለት ኣብ'ቲ ናታ ጽሑፍ ሓሳባታ ክተስፍር ተረኺበት፦

እቲ ሓደ ሞራላዊ ግዴታና ኣብ ገዛእ ርእስና ሓደ ሰፊሕ ዝኾነ መሬት ናይ ሰላም ምኅናጽ እዩ። ብተወሳኺ ቀስ ብቐስ እዚ ኣብ ገዛእ ርእስና ዚተኃንጸ ሰላም እዚ ክሳብ ኣብ ኩሉ ዚበጽሕ ምሥራሕ እዩ" እናበለት ትዛረብ። መጠን ሰላም ኣብ ካልኦት ዚሃለወን ዚነገሥን፡ መጠኑ ኣብ ዓለምና ብምልኣት ሰላም ኪህሉን ክነግሥን ይኽእል እናበለት ትጽሕፍ። መጠን ዓለምና ኣብ ቅልውላው ዚሃለወትሉ፡ መጠኑ ኸአ ልባትና ኣብ ሰላም ኪህሉ ኣገዳስን ኣድላይን እዩ። ወይ ውሽጣውን ደጋውን ሰላም ኪውንን የድልዮ።

ኣብ መጽሓፍ ነቢይ ኢሳይያስውን ኢየሩሳሌም ብጸላእታ ኣብ ሓደጋ ምስ ወደቐት፡ እቶም ሕዝቢ ተሻቒሎን ፖሊቲካዊ መፍትሒ ኪረኽቡ ድማ ጸዓሩ። እቲ ነቢይ እውን ከምዚ ዚስዕብ በሎም፦ "እግዚአብሔር ኣምላኽ፥ እቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ፥ *"ተመለሱ፥ ብህድኣት ድማ ኣባይ ተወከሉ፥ ብምህዳእኩምን ኣባይ ብምውካልኩምን ድማ ኃያላት ክትኮኑ ኢኹም"* ይብል ኣሎ፡ ግናኸ ኣቤኹም"። (ኢሳ. 30.15)

ልባትና ብሰላምን እምነትን እንተ ተወሪሱ፡ ወይ ማኅደር ሰላምን እምነትን እንተ ደአ ኾይኑ፡ ኣብ እግዚኣብሔር ክንጽጋዕ ኢና። ነቲ ኩሉ ዜጓንፈና ጸገማት'ውን፡ ሓቀኛ ዚኾነ መልሲ ወይ መፍትሒ ክንረኽበሉ ኢና። ብፍቕሪ ተመሪሕና ኸአ ነቶም ኣብ ጉዕዞና ዜጓኑፉና ብድሆታትን ሕቶታትን ሓነጽቲ ዚኾኑ መፍትሕታትን ውሳኔታትን ክንረኽበሎም ኢና።

ብኻልእ መንገዲ ወይ በንጻሩ ልባትና ብሻቕሎትን ብፍርህን ክጥቃዕን ክዕብለልን ወይ ክውረርን እንተ ፈቒድና ግና፡ ነቶም ዘጋጥሙና ፍጻሜታትን ብድሆታትን ብሕማቅ ክንምልሰሎም ወይ ክንገጥሞም ንርከብ። ከም'ዚ ቢልና ናብ ሓደጋ ንወድቕ። ኣብ ምህዳም ንርከብ፡ ዓመጽትን ደፋራትን ኮይና ንርከብ፡ ወይ ከአ ህውኽን ዘይብሱልን ወሳኔታት ንገብር። እዚ ነቲ ጸጋማትና ወላ ሓንቲ ዘይፈትሕ ጥራይ ዘይኮነስ እንታይ ደአ ሓደ ሓደ ጊዜ ነቲ ሕማቕ ኣብ ክንዲ ዜጉድል ነቲ ሕማቕ ከሰስን ይርከብ ።

## ጸሎት

እምበኣር ኣብ'ታ ንግሥተ-ሰላም ዚኾነት እኖና ቅድስቲ ድንግል ማርያም እምነትና ብምግባር ንጸሊ።

ሰላም ንዓኺ ኦማርያም፡ ጸጋ ዚመልኣኪ፡ እግዚአብሔር ምሳኺ እዩ። እንካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ፡ ናይ ከርስኺ ፍረ ኸአ ዚተባረኸ እዩ። ኦ ቅድስቲ ማርያም ኣደ ኣምላኽ፡ ለምንልና ነዓና ንኃጥአን ሕጂን ብግዜ ሞትናን፡ ኣሜን። እቲ ሓያልን መሓርን ዚኾነ እግዚአብሔር ኣቦን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ይባርኸናን ይሓልወናን። ኣሜን!

# ጸጋ ንምርካብ ዝቐርብ ልመና

ኣብ ቅድሚ እቲ ልዑል ኣምላኽ ቀሪበ እዚ ሕቶ እዚ ንገዛእ ርእሰይ እሓትት፦ ኣብ መዓልታዊ ክርስቲያናዊ ሕይወተይ ኣብ ከባብየይ እንታይ እየ ዝዘርእ፧ ሰላምን እምነትን፧ ወይስ ጭንቀትን ሻቕሎትን፧ ስለ'ዚ ኣብ'ዚ ጸሎት እዚ እግዚኣብሔር ኣምላኽ እቲ ሰላሙ ኣባይ ኼንብርን፡ ኣነ'ውን ሓቀኛ መሣርሕን መጋበርን ሰላም ኮይነ ክርከብ ፍሉይ ጸጋ ኪህበኒ እልምኖ።

# ብርሃን ካብ እሙን ምስክርነት

ሰብ መጠን ኣብ ሓደ ዓሚቝ ዚኾነ ኣብ ፍቕራዊ ዝኽሪ ናይ ሕይወት ዝነበረ እቲ ካብኡ ዚመጽእ ነጸብራቕ ሓያልን ጽኑዕን እዩ። ብተወሳኺ ንኹሎም ካልኦት ናብኡ ኪስሕቦም ይርከብ። ቅ. ተሬዛ በነዲክታ

# ካልኣይ ኣስተንትኖ ኣብ ልዕሊ ቃል ኣምላኽ

ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ካብ ትንቢት ኢሳይያስ ዝተወስደ ቃል ደጊመ ኣንብብን ኣስተንትንን፦ “እግዚኣብሔር ኣምላኽ፥ እቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ፥ “ተመለሱ፥ ብህድኣት ከአ ኣባይ ተወከሉ፥ ብምህዳእኩምን ኣባይ ብምውካልኩምን ድማ ኃያላት ክትኮኑ ኢኹም” ይብል ኣሎ። ግናኸ ኣበኹም። (ኢሳ.30.15 )

እዚ ቃል እዚ ኣብ ልበይ እሕዞ፡ ብዝከኣለኒ ከአ ምሉእ መዓልቲ ደጋጊመ ከንብቦን ከስተንትኖን እጽዕር።



# 2ይ መዓልቲ

# ሰላም ሕያብ ካብ ኣምላኽ እዩ

# መዓልታዊ ኣስተንትኖ

## ዕድመ ንኣስተንትኖ

ኣብ'ዛ ጊዜን ሰዓትን እዚኣ ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቀሪበ ብዛዕባ ህሉው ክርስቲያናዊ ኩነተይ ብምሕሳብ ብህድኣት አስተንፍስ፡ ብዓይኒ እምነት፡ ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ቅድሚ እቲ ብለውሃት ዜፍቅረኒ ኣቦ መንግስተ ሰማይ ዝኾነ እግዚኣብሔር ኣምላኽ አቕርባ። ነቲ ንስኻትኩም ማኅደር መንፈስ ቅዱስ ምኻንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፤" ዚብል ቃል ቅዱስ ጳውሎስ እናዘከርኩ፡ ነቲ ኣብ ልበይ ማኅደር ጌሩ ዘሎ ኣምላኽ ብምስትውዓልን ብጥንቃቐን ንገለ ደቓይቕ አስተንትን።

## ምልክት መስቀል

ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ አሜን!

## ጸሎት ናብ መንፈስ ቅዱስ

ኦ መንፈስ ቅዱስ፡ ንስኻ ብርሃነይ ኢኻ፡ ንስኻ መጸናንዕየይ ኢኻ፡ ነዓ ነዚ ናይ'ዚ መዓልቲ እዚ ጸሎተይ ምራሕ። ነቲ ጽባቐን ዓሚቝ መለኮታዊ ፍቕሪኻን ከምዝፈልጥን ከምዘስተማቕርን ግበረኒ። ነዓ ናይ እግዚኣብሔር ሰላም ኣብ ልበይ አስርጽ። ከምኡ'ውን ነዚ ሰላም እዚ ኣብ መንጎ ኣኅዋተይን ኣኃተይን ንኽዝርግሖ ክእለትካን ጸጋኻን ሃበኒ።

# ቀዳማይ ኣስተንትኖ

እግዚአብሔር ኣምላኽ ሰላም ክህልወናን ሰላም ኣብ ከባቢናን ክነመሓላልፍን ይጽወዓና። በዚ ኸአ ኢና ሓቀኛታት ውሉድ ኣምላኽ እንኸውን። እዚ ሰላም እዚ ማለት ልባትና ኪመልኦ ዘለዎ ሰላም ልዕሊ ኹሉ ኅያብ ካብ ኣምላኽ እዩ። ኣምላኽ ጥራይ እዩ እቲ ሓቀኛ ሰላም ኪህበና ዚኽእል። ብርግጽ ካባና ገለ ናትና ጻዕሪ ከምዜድሊ ግና ፍሉጥ እዩ። ገለ ሥርሓት ክንፍጽሞም ዘለና ነገራት ኣለዉ። እዚ ሥራሕ እዚ ኣብቲ ዝመጽእ መዓልታት ኣስተንትኖና ክንገልጾም ክንፍትን ኢና።

ብዝኾነ ልዕሊ ኹሉ ሰላም ክንቅበሎ ዘለና ኅያብ ኣምላኽ ኢዩ። ካብ እግዚአብሔር ክወሃበና ክንሓቶን ክንቅበሎን ዘለና ጸጋ እዩ። ሰብኣዊ ጻዕርና እኹል ኣይኮነን። ከም’ቲ ኣቐዲምና ዚገለጽናዮ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ጥራይ እዩ እቲ ሓቀኛ ሰላም ኪህበናን ምሳና ኬካፍሎን ዚኽእል። ብዛዕባ እቲ ሰላም ከም ህያብ ኣምላኽ ዚዛረበና ቃል ኣምላኽ ክነስተንትን ኣዝዩ ጽቡቕን ሓጋዚን እዩ። እቶም ብሓቂ ትርጉም ዘለዎም ወይ ብቐዳምነት ዚሥርዑ ብዛዕባ ሰላም ዚዛረቡ ኣብ ዮሓንስ ወንጌላዊ ብፍላይ ኣብ’ቲ ትምህርቲ መድኀኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ድኅሪ ናይ ድራር ምሸት ዝተዛረቦን ዝመሃሮን ንረኽቦ።

ክርስቶስ ኣእጋር ሓዋርያቱ ድኅሪ ሓጺቡ፡ ቅድሚ ናብ ሕማማቱ ምእታዉ፡ ኣብ’ቲ ምስ ሓዋርያቱ ናይ መጨረሽታ ድራር ዚተኻፈሎ ንነዊሕ ጊዜ ተዛረቦም። ኣብ’ቲ መጀመርታ ናይ ዮሓ. ምዕራፍ.14 እዞም ዝስዕቡ ቃላት ንረክብ፦ “ልብኹም ኣይሸበር፤ ብኣምላኽ እመኑ፤ ብኣይውን እመኑ።” ሓዋርያት ብምኽንያት እቲ ኩሉ ኣብ ኢየሩሳሌም ዝኸውን ዝነበረ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ኢየሱስ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናዓበየ ዚኸይድ ዚነበረ ጽልኢ ሰንበዱን ተሻቐሉን።

ኣብዚ ኩነታት እዚ እቲ መጀመርታ ክርስቶስ ንሓዋሪያቱ ዝሓተቶም ህድእ ክብሉ እዩ ነይሩ። ገዛእ ርእሶም ኣብ ዘሰንብድ ከይርከቡን ኣቕዋም ናይ እምነት ክሕዙን ይሓቶም። መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ነዚ ዚሓተቶም ነቲ ኣድላዪን ጠቓምን ዝኾነ ነገራት ክብሎም ዝነበሮ ንኽሰምዑ እዩ።

ብዙሕ ግዜ ዝሰንበደ ወይ ዝቀርሐነ ልቢ ቃል ኣምላኽ ኪሰምዕ የጸግሞ እዩ። እቲ ሰላም ዘለዎ ልቢ ግና ቃል ኣምላኽ ኣብ ልቡ ሰንጢቑ ብዕምቈት ንኽእቱ የፍቅድ። ቁሩብ ጸኒሑ ክርስቶስ ጐይታ ብዛዕባ ምምጻእ መንፈስ ቅዱስ ይዛረቦም። እዚ ዜደንቕ ናይ ክርስቶስ ተስፋ ኣብ ዮሓንስ ወንጌላዊ ንረኽቦ፦ *"ሰላም እኃድገልኩም ኣለኹ፥ ሰላመይውን እህበኩም ኣለኹ። እቲ ኣነ ዝህበኩም ዘለኹስ ከምቲ ዓለም እትህቦ ኣይኮነን፤ ኣይተሸበሩ ኣይትፍርሁ።"* (ዮሓ.14:27-28)

ክርስቶስ ኣምላኽ ንሓዋርያት ክሰናበቶም ነይሩዎ። ግና ንበይኖም ክሓድጎም ስለዘይደለየ ጸጋ ሕያብ መንፈስ ቅዱስ የተስፈዎም። እዚ ክቡር ዝኾነ ኀያብ ሰላም ከኣ ይሓደገሎም። እቲ ክርስቶስ ጐይታ ዘተስፈዎም ህያብ ሰላም ግና፡ እቲ ናይ'ዚ ዓለም እዚ ሰላም ኣይነበረን፡ ወይ እቲ ዓለም እትህቦ ሰላም ኣይኮነን። ኩሉ ኣብዚ ዓለም እዚ ጽቡቕ፡ ከምቲ እትደልዮ ኪኸደልካ ዚገብር ወይ ዚሕግዝ ህያብ ኣይኮነን፡ ወይ ከኣ ኩሉ ጸጋማትና ዝፈትሕ፡ ኩሉ ድልየትና ዘርዊ ኣይኮነን። ዘይልሙድን ኣዝዩ ጥዑምን ዝኾነ ሰላም ኢዩ ክኸውን ነይሩዎ። እቲ ክርስቶስ ጐይታ ዘተስፈዎ ሰላም፡ ኣብ ግዜ ሽግርናን ጸገምናን፡ ኣብ ግዜ ዘይርጉጽ ኩነታትናን ከይተረፈ ከተስተማቕሮ እትኽእል ሰላም እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ እቲ ምንጩን መሠረቱን እግዚኣብሔር ኣምላኽ ስለዝኾነ።

ክርስቶስ ጐይታ ኣብ'ቲ ናይ መደምደምታ ነዊሕ ትምህርቱ ኣብ'ቲ መጨረሽታ ናይ ወንጌል ዮሓንስ ምዕራፍ ዓሠርተ ሽዱሽተ ቃሉ ነቲ ኣርእስቲ ሰላም እንደገና የልዕል። *"ኣባይ ሰላም ምእንቲ ክትረኽቡ እዚ ነገርኩኹም። ኣብ ዓለም ጸበባ ኣለኹም፣ እንተኾነ ኣጆኹም ኣነ ንዓለም ሰዒረያ እየ"* (ዮሓ.16:33) ።

እቲ ናይ መወዳእታ ዕላማ ናይ'ዞም ቃላት እዚኣቶም፣ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሓዋሪያቱ ዝነገሮም ኣብ ሰላም ክምስርቶም ስለዝደለየ እዩ። ሓዋሪያት ንሰላም ኣብ'ቲ ርግጽነት ዓወት ናይ ክርስቶስ ጐይታ ኣብ ልዕሊ እቶም ንዓለም ዜሰንብድዋ ሽይጣናዊ ሓይልታት ኪረኽብዋ ኣለዎም። *"ኣብ ዓለም ጸበባ ኣለኩም፣ እንተኾነ ኣጆኹም ኣነ ንዓለም ሰዒረያ እየ"* (ዮሓ.16:33) ። *ማዕረ ማዕርኡ* ክርስቶስ ጐይታ እቲ ምስጢረ - ሰላም እንታይ ምዃኑ፣ እቲ ሓቀኛ ምንጪ ሰላም መን ምኻኑ ምሂሩናን ኣርእዩናን እዩ። ሰላምና ሰላም ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ኅብረት ምስ ክርስቶስ፣ ቃሉ ምስማዕ፣ እምነት፣ ጸሎትን ፍቕርን እዚኣቶም ኹሎም ናይ እግዚአብሔር ሰላም ኣብ ልባትና ከም እንኽንቅበል ይገብሩና።

## ጸሎት

እምበኣር ኣብ'ታ ንግሥተ-ሰላም ዝኾነት እኖና ቅድስቲ ድንግል ማርያም እምነትና ብምግባር ንጸሊ።

ሰላም ንዓኺ ኦማርያም፣ ጸጋ ዝመልኣኪ፣ እግዚአብሔር ምሳኺ ኢዩ። እንካብ አንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ፣ ናይ ከርስኺ ፍረ ኸአ ዝተባረኸ እዩ። ኦ ቅድስቲ ማሪያም ኣደ ኣምላኽ፣ ለምንልና ነዓና ንኃጥአን ሕጂን ብግዜ ሞትናን፣ ኣሜን። እቲ

ሓያልን መሓርን ዝኾነ እግዚኣብሔር ኣቦን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ይባርኸናን ይሓልወናን። ኣሜን!

## ጸጋ ንምርካብ ዝቐርብ ልመና

ሓቀኛ ሰላም እቲ ምንጩ ኣብ ክርስቶስ ከምዝርከብ ብዝሓሸ ክርዳእ ክኢለ። ምስ ክርስቶስ ኣምላኸይ ብሕብረት ንኽንብር፡ ኣብቲ ዘፍርሃንን ዘጨንቐንን መልሲ ክህብ ውሑድ ጊዜ ከጥፍእ፡ ንኽርስቶስ ጎይታይ ክሓስብ ግና ብዙሕ ግዜ ከጥፍእ፡ ቃሉ ክቕበልን፡ ናብኡ ክጽልን ፍሉይ ጸጋ ይሓትት።

## ብርሃን ካብ እሙን ምስክርነት

ኦ ኣምላኽ! ንኣኻ ቢልካ ፈጢርካና፡ ስለ'ዚ ልብና ኣባኻ ክሳዕ ዜዕርፍ፡ ዕረፍቲ የብሉን" ቅዱስ ኣጎስጢኖስ።

ናይ ሰላም ጸጋ፡ ናይ ኩለን ጸጋታት ምንጪ እያ ። ህያብ ኣምላኽ እያ፡ ካብ ዝኾነ ማዕበል ዚበርተዐት እያ። ሓው ማሪያ ዶመኒኮ

## ካልኣይ ኣስተንትኖ ኣብ ልዕሊ ቃል ኣምላኽ

ኣብ'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ካብ ወንጌል ዮሓንስ ዚተወሰደ ቃል ኣምላኽ ኣንቢብን ኣስተንቲነን። *"ሰላም እንድገልኩም ኣለኹ፥ ሰላመይ'ውን እህበኩም ኣለኹ። እቲ ኣነ ዝህበኩም ዘለኹስ ከም'ቲ ዓለም እትህቦ ኣይኮነን፤ ኣይተሸበሩ ኣይትፍርሁ።"* (ዮሓ.14:27)



# 3ይ - መዓልቲ

# መጠን ኣነ ሰለማዊ ዝኾንኩ፡ መጠኑ እግዚአብሔር ኣባይ ይሰርሕ

# መዓልታዊ ኣስተንትኖ

## ዕድመ ንኣስተንትኖ

ኣብዛ ግዜን ሰዓትን እዚኣ ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኮይነ ብዛዕባ ህሉው ኩነታተይ ብምሕሳብ፡ ብህድኣት የተንፍስ፡ ብዓይኒ እምነት፡ ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣቦ መንግሥተ ሰማይ ዝኾነ፡ ብለውሃት ዘፍቅረኒ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣቕርባ። ነቲ ንስኻትኩም ማኅደር መንፈስ ቅዱስ ምኻንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም" ዝብል ቃል ቅዱስ ጳውሎስ እናዘከርኩ፡ ነቲ ኣብ ልበይ ማኅደር ጌሩ ዘሎ ኣምላኽ ብምስትውዓልን ጥንቃቐን ንገለ ደቓይቕ ኣስተንትን።

## ምልክት መስቀል

ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ ኣሜን!

## ጸሎት ናብ መንፈስ ቅዱስ

ኦ መንፈስ ቅዱስ፡ ንስኻ ብርሃነይ ኢኻ፡ ንስኻ መጸናንዕየይ ኢኻ፡ ነዓ ነይዚ መዓልቲ እዚ ጸሎተይ ምራሕ። ነቲ ጽባቐን ዓሚቕ መለኮታዊ ፍቕሪኻን ከምዝፈልጥን ከም ዘስተማቕርን ግበረኒ። ነዓ ናይ እግዚኣብሔር ሰላም ኣብ ልበይ ኣስርጽ። ከምኡ'ውን ነዚ ሰላም እዚ ኣብ መንጎ ኣኀዋተይን ኣኃተይን ንኽዘርግሕ ክእለትካን ጸጋኻን ሃበኒ።

# ቀዳማይ ኣስተንትኖ

ኣብ ሕይወት ወዲ ሰብ ውሽጣዊ ሰላም ምድላይ እቲ ካብ'ቲ ትምኒት ወይ ድልየት ናይ ሥነ-ኣእምሮኣዊ ኀድኣት ዝዓበየ ኢዩ። ሓደ ዓብይን አሚቕን ነገር ኢዩ። ገዛእ ርእስና ንስራሕን ንመደብ አምላኽ ኩፉታት ምኻን ኢዩ። ሓደ ቀሊል ግን ከአ ሓደ ዓቢ መንፈሳዊ ትርጉም ዘለዎ ክንርድኦ ዘለና ሓቂ አሎ። መጠን ናብ ሰላም ገጽና ዝተጋዓዝናሉን ዝዛዘናሉን መጠኑ ኸአ ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ሕይወትና ይሰርሕ።

ቅዱስ ሰራፊም ወዲ ሰሮቭ ዝተባህለ ሓደ ካብ'ቶም ዓበይቲ ቅዱሳት ወዲ ሩሲያ ከምዚ ይብል፦ “መንፈስ ሰላም ወንን፡ እቶም ኣብ ዙርያኻ ዘለዉ ኣሽሓት ነፍሳት ክድሕኑ እዮም። ከምቲ ሰላማዊ ቀላይ ብምልኣት ንፀሓይ ዜንጸባርቕ ከምኡ'ውን ሓደ ሰለማዊ መንፈስ ነቲ ተግባራትን ምንቅስቓስን መንፈስ ቅዱስ ይቕበል።

ሎረንዞ ስኮፖሊ ዝተባህለ ብዓሰርተ ሸዱሽተ ክፍለ ዘመን መንፈሳዊ ጸሓፊ ዚነበረ ከምዚ እናበለ ይምህር፦ “ሰይጣን ካብ ልቢ ሰብ ሰላም ንኪወስድን ንኬጥፍእን፡ እቲ ዝዓበየ ፈተነ እዩ ዚገብር፡ ምኽንያቱ እግዚኣብሔር ኣብ ሰላም ከምዝኸብርን፡ ኣብ ሰላም ዓበይቲ ነገራት ከምዚፍጽምን ስለዝፈልጥ”።

ቅዱስ ፍራንሲስ ወዲ ሳለስ'ውን፡ “ምኽንያቱ ሰላም ኣብ ፍቅሪ ጥራይ ስለዝኾነ ሰፈሩ፡ ከምቲ ብዙኅ ግዜ ዝአዘዝኩኻ እቲ ቅዱስ ዝኾነ ናይ ልቢ ህድኣት ኣብ ምሕላዉ ኩሉ ግዜ ጥንቁቅ ኹን።” እናበለ ይመክር።

ናይ ልባትና ሰላም ንምሕላው ጻዕሪ ምግባርን ኣንጻር ሻቅሎትን ኣሻቃሊ ነገራትን መንፈሳዊ ዘይምቕሳንን ምቅላስ እግዚኣብሔር ኣባና ንኽሠርሕ ሸለል ኪበሃል ዘይብሉ ቅድመ

ኩነት እዩ። እዚ ኣብ ፍቕሪ ንኽንዓብን ሕይወትና ነቲ ዝተጸዋዕናሉ ጽውዓ ብምልኣት ክንህብን ፍርያማት ኮይና ኽንርከብን የፍቅደልና። ብተወሳኺ ንሕና ኣብ ሰላም ጥራይ ኢና ሓደ ሓቀኛ ዝኾነ ምርጫ ክንገብር እንኽእል። ኣብ ሰላም እንተ ዘይኮይና ማለት ሰላም እንተ ዘይብልና፡ ብብዙኅ ሻቕሎትን ሽግርን ጸጋማትን እንተ ተመሊእና ወይ እንተ ተወሪስና፡ እዚ ኣብ ሓልዮትን ግዝኣትን ናይ ስሚዒታትና እንተኾይና፡ ሓደ ንጹርን ብሩህን ዝኾነ ዕላማን ራእይ ናይ መጻኢን ኪህልወና ኣይኽእልን ኢዩ። ገለ ገለ ጊዜ ኹሉ ነገር ከም ጸልማት ንክንርእዮ፡ ንኹሉ ኣብ ሕይወትና ብዓይኒ ጥርጠራ ክንጥምቶ ንፍተን ኢና። በንጻሩ ኽአ ኣብ ሰላም እንተለና ነቲ ሓቂ ብንጹር ንርእዮ።

ቅዱስ ኤግናጽዮስ በዓል ሎዮላ ነዚ ብንጹር ይርድኦ፡ ኣብ መንፈሳዊ ሕይወት ጊዜ ምጽንናዕን ጊዜ ሓዘንን ፈላልዩ ይርኢ። ከም'ዚ እናበለ ኸአ ንነፍሲ ወከፍና ይዕድመና፡ "ንሕይወትና ዝርኢ ኣብ ሓዘንን ዘይሕጉስን ኩነታት ኽለና ማለት ኣብ'ቲ ጊዜ ጸጋማትና ውሳኔታት ከይንገብር ይላቦን ይመክርን። እንታይ ደአ እንደገና ቅድሚ ንሕይወትና ዚቕይሩ ውሳኔታት ንገብር፡ ኣብ'ቲ ኣብ ሰላም እንከሎና ዝወሰናዮ ውሳኔ እሙናት ኮይና ክንመላለስ የድሊ። ስለ'ዚ እዚ ባህሪ ሕጊ እዚ ክነደልድል ኣሎና። ሰላምና ዝዘርግ ጸገማትን ሽግራትን እንተ መጺና፡ ኣብ'ዚ ኩነታት እቲ ቀዳምነትን ኣድላዩን ነቲ ጸገማት ምፍታሕ ኣይኮነን፡ እንታይ ደአ እቲ ዘድሊ ነቲ ዝነበረና ተመጣጣኒ ዝኾነ ሰላም ክንመልስ ክንጽዕር የድልየና። ቀጺልና ብዛዕባ እቲ ሰላም ክንሓስብ ይግበኣና።

እዚ ማለት ካብ ብፍርሂ ተዓብሊልና ሓደ ቅልጡፍን ሓደገኛን ዚኾነ ምርጫታት ካብ ምግባር ንቈጠብ። ከምኡ'ውን ነቲ ሓደ ሓደ ጊዜ ኣብ ሕይወትና ዜጋጥመና ካብ ዓቕምና

ንላዕሊ ወይ ወጻኢ ዚኾኑ ጸገማት ዝኸፈልና ኸፊልና ክንኣልዮም፡ ክንፈትሖም ምጽዓር ካብ ዝብል ሓሳባት ንቑጠብ።

እምበኣር ብኸመይ ነቲ ኣቐዲምና ዚገለጽናዮ ነቲ ዚነበረና ተመጣጣኒ ዚኾነ ሰላም ክንመልሶ ንኽእል፧ ነቲ ዝነበረና ተመጣጣኒ ዚኾነ ሰላም እንመልሶ፡ እቲ መንገዲ ሓደ እዩ፡ እዚ ድማ ንእግዚኣብሔር ብምእማን ኣብ ናይ ተመስጦ ጸሎት፡ ኣብ ተግባራት እምነት፡ ኣብ ተስፋ ኣምላኽ ብምእማን፡ ከምኡ'ውን ነቲ እግዚኣብሔር ኣምላኽ በቲ ቅዱስ ቃሉ ንሓደ ዓቢ እምነት ኪህልወና ዚተገብረልና ዕድመ ምዝካርን እዩ ።

## ጸሎት

ናብ'ታ ንግሥተ-ሰላም ዚኾነት እኖና ቅድስቲ ድንግል ማርያም ቀሪብና ብእምነት ንጸሊ።

ሰላም ንዓኺ ኦማሪያም፡ ጸጋ ዝመልኣኪ፡ እግዚኣብሔር ምሳኺ ኢዩ። እንካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ፡ ናይ ከርስኺ ፍረ ኸአ ዝተባረኸ ኢዩ። ኦ ቅድስቲ ማሪያም ኣደ ኣምላኽ፡ ለምንልና ነዓና ንኃጥኣን ሕጂን ብግዜ ሞትናን፡ ኣሜን። እቲ ሓያልን መሓርን ዝኾነ እግዚኣብሔር ኣቦን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ይባርኸናን ይሓልወናን። ኣሜን!

## ጸጋ ንምርካብ ዝቐርብ ልመና

ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ኣስተንትኖ እምበኣር ንጕዳእ ርእሰይ ብምርባሽን ምሽቃልን ንሸግረይ ክፈትሕ ከምዝይኽእል ብዙሓት ክርደኣኒ ክኢሉ። ብዙሕኣል ከኣ ኣማንን ሰለማውን ኮይነ እርኩብ፡ ኣብ'ዚ ተግባር ወይ ጕዕዞ እዚ ከኣ እግዚብሔር ጸጋ ሓገዙ ክህበኒ እልምን።

# ብርሃን ካብ እሙን ምስክርነት

## ክቡር ፍራንሲስ መሪይ ፖል

እግዚአብሔር ዓለም ብምፍጣሩ ተሓጒሰ ። ካብ ጥርሑ (ካብ ዘይህላዌ) ከኣ ሠርሖ ። ኣብ'ቲ ዚፈጠሮ ከኣ ጽቡቕ ነገር ረኣየ። ብተመሳሳሊ ሎሚ እግዚአብሔር ኣባና ኪሠርሕ እንተደሊና ንነገራት ካብ'ቲ ካብ ኣእዳዉ ዚመጽእ ናይ ተፈጥራዊ ጽባቐ ንላዕሊ ኪገብሮም እንተ ደሊና፡ ንሕና ክንሕግዞ ብዙኅ ክንንቀሳቐስ ኣየድልዮን እዩ ። እንታይ ደኣ መደቡ ኪፍጽም ክነፍቅደሉ ጥራይ እዩ ዘሎና። ምኽንያቱ እግዚኣብሔር ኣብ ዝባደመ ጥርሑ ዘሎ መሬት ኪሦርሕ ሕጉስ እዩ። ፍራንሲስ ቐጺሉ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ንገዛእ ርእስኹም ኣብ ሰላም ሓልውዋን፡ ኣብ ቅድሚኡ ከኣ እፎይታ ይሃሉኹምን ይብል። ብተወሳኺ ነቲ ንሱ ዚሕብረና ምንቅስቓስ ጥራይ ሰዓቡ። ነቲ ካብ እግዚኣብሔር ጥራይ ዝመጽእ ምንቅስቓስን ሕይወትን እናተጸበና ነፍሳትና ኣብ ሰላም፡ ሓይሊ መንፈሳውነትና ከአ ኣብ ቅድሚኡ ከምዜዕርፍ ንግበር።" እናበለ ይመክር።

# ካልኣይ ኣስተንትኖ ኣብ ልዕሊ ቃል ኣምላኽ

ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ሰብ ፊልጵስዩስ ከምዚ እናበለ ይጽሕፍ፦ "ለውሃትኩም ኣብ ኩሉ ሰብ ይፈለጥ። ጐይታ ዚመጽእ ቐረባ እዩ። ድሌትኩም ዜበለስ ብጸሎትን ልማኖን ምስ ምስጋና ኣብ ኣምላኽ ይፈለጥ እምበር፥ ብገለ እኳ ኣይትጨነቑ። እቲ ንኹሉ ምርዳእና ጸብለል ዚብል ሰላም ኣምላኽ ድማ ንልብኹምን ሓሳብኩምን ብክርስቶስ ኢየሱስ ገይሩ ኺሕልዎ እዩ።" (ፊል.4:5-7)



# 4ይ - መዓልቲ

# ጸሎት ናይ ሰላም ቦታ እዩ

# መዓልታዊ ኣስተንትኖ

## ዕድመ ንኣስተንትኖ

ኣብ'ዛ ግዜን ሰዓትን እዚኣ ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኮይነ ብዛዕባ ህሉው ኩነታተይ ብምሕሳብ፡ ብህድኣት ኣተንፍስ፡ ብዓይኒ እምነት፡ ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣቦ መንግሥተ-ሰማይ ዚኾነ፡ ብለውሃት ዜፍቅረኒ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣቕርባ። ነቲ ንስኻትኩም ማኅደር መንፈስ ቅዱስ ምኻንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም" ዝብል ቃል ቅዱስ ጳውሎስ እናዘከርኩ፡ ነቲ ኣብ ልበይ ማኅደር ጌሩ ዘሎ ኣምላኽ ብምስትውዓልን ጥንቃቐን ንገለ ደቓይቕ  ኣስተንትን።

## ምልክት መስቀል

ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ ፡ ኣሜን!

## ጸሎት ናብ መንፈስ ቅዱስ

ኦ መንፈስ ቅዱስ፡ ንስኻ ብርሃነይ ኢኻ፡ ንስኻ መጸናንዕየይ ኢኻ፡ ነዓ ናይ'ዚ መዓልቲ እዚ ጸሎተይ ምራሕ።  ነቲ ጽባቐን ዓሚቝ መለኮታዊ ፍቕሪኻን ከምዝፈልጥን ከምዘስተማቕርን ግበረኒ። ነዓ ናይ እግዚኣብሔር ሰላም ኣብ ልበይ ኣስርጽ። ከምኡ'ውን ነዚ ሰላም እዚ ኣብ መንጎ ኣኅዋተይን ኣኃተይን ንኽዝርግሕ ክእለትካን ጸጋኻን ሃበኒ።

# ቀዳማይ ኣስተንትኖ

እቲ ሓደ ካብቶም መሠረታውያን መንገድታት ውሽጣዊ ሰላም ንኽህልወና ወይ ንኽንጭብጥ ዚገብሩና ኣብ ጸሎት እሙናት ኮይንና ምስ እንርከብ እዩ። ብዙኅ ጊዜ ውሽጣዊ ሰላም እንስእን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቀሪብና ሓደ ብቑዕ ዚኾነ ጸሎት ስለዘይነቕርብ እዩ።

ሰላምና እቲ ምንጩ ካብ'ቲ ዓለማዊ ወይ ሰብኣዊ ሓቅታት ወይ ፍልስፍናታት ኣይኮናን እንረኽቦ። ምንጩ እንረኽቦ ኣብ እግዚአብሔርን ብእግዚኣብሔር እዩ። ኣብኡ ኢና ኽኣ ክንደልዮ ዘሎና። መጠን ምስ እግዚኣብሔር ጽቡቕ ዚኾነ ዝምድና ዘሎና ወይ ዚመሥረትና መጠኑ ከኣ ሰላም ንረክብ ።

ናይ'ዚ ዘሎናዮ ዘመን ወይ ጊዜ ዚኾኑ ማቴዎስ ድኻ ዝተባህሉ መነኮስ ወዲ ግብጺ ኣብ ሓደ ናይ ጸሎት ጽሑፎም ከምዚ ይብሉ "ኣብ እንገብሮ መዓልታዊ ጸሎት፡ እግዚኣብሔር ሓደሽ ሰላም ይህበና" እዚ ብሓቂ ሓደ ሠናይ ዝኾነ ሓቂ እዩ። ኣብ እግዚኣብሔር ሓይሊ ኣሎ፡ ዜደንቕ ሕይወት ኣሎ፡ ልዕሊ ኩሉ ግና ሓደ ዓሚቑ ዚኾነ ሰላም ኣሎ።"

ቅዱስ ጳውሎስ ብዙኅ ግዜ ኣብ መልእኽትታቱ ብዛዕባ እግዚኣብሔር ኪዛረብ እንከሎ፡ እግዚኣብሔር "ናይ ሰላም እግዚአብሔር ጌሩ የቕርቦ። እዚ ኣብ መልእኽትታት ተሰሎንቄ ክንረኽቦ ንኽእል ። እግዚኣብሔር መሠረት ምንጪ ናይ ሰላም ኢዩ። ባሕሪ ወይ ውቅያኖስ ናይ ሰላም ኢዩ።

ነፍሲ ወከፍ ጊዜ ምስኡ ሓቀኛ ርክብ ኣብ እንገብረሉ፡ ኣምላኻዊ ወይ መለኮታዊ ሰላም ናብ ልባትና ይወርድ። ኣብ ልባትና ይዓስል፡ ነፍሲ ወከፍና ናይ'ዚ ኹሉ ተመክሮ

ኣለና። ንኣብነት ብዛዕባ ገለ ነገር ጭንቒ ኪብለና እንከሎ፡ ሓደ ዜጨንቕን ዜፍርህን ስሚዒት ይግደፈልና። ኣብ ቅድሚ ቅዱስ ቁርባን ብምኻድ ሰዓታት ኣብ ስግደት ነኅልፍ፡ ወይ ከኣ ዕሥራ ደቂቕ ዚኸውን ብህድኣት ጸሎተ-መቑጸሪያ ብምጽላይ ነኅልፍ፡ ኣብ መጨረሽታ ናይ'ዚ ጸሎት ውጽኢት ቅሳነት ናይ መንፈስ ኡፈይታ ይስመዓና።

ብሓፈሻ ግን እቲ ኩነታትና ኣይቅይርን። እንተኾነ ግና ገለ ለውጢ ይስመዓና፡ ዝተፈለና ኮይኑ ይስምዓና፡ ልባትና ዕረፍቲ ይስምዮ። ወላ እኳ እዚ ጸሎት እዚ ሓደ ቀሊልን ብድኽመት ዝተገብረ ጸሎት እንተኾነ ብእምነት እንተ ተጌሩን እንተ ተጸሊዩን፡ ምስ እግዚብሔር የራኽብና፡ በዚ ምኽኒያት ክፉል ናይ እግዚኣብሔር ሰላም ኣብ ልባትና ከዕርፍ ይመጽእ።

ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝብሎ ገለ ገለ ግዜ ዋሓዚ ዝኾነ ሰላም እዩ ዝህበና፡ "ኣየ፡ ትእዛዘይ ሰሚዒካ እንተ ትኸውንስ፥ ሰላምካ ኸም ወሓዚ፥ ጽድቕኻውን ከም ማዕበል ባሕሪ እናዘለለ ምመጸ ነይሩ።" (ኢሳ. 48:18) እዚ ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ ንእሽቶይ ነጠብጣብ ሰላም እዩ። ገና ስቕያት ኣለኒ፡ ምሉእ ብምሉ ብሥነ-ኣእምሮ ነጻ ኣይኮንኩን ዘለኹ፡ እንተኾነ ግና ገለ ነጠብጣብ ሰላም ኣምላኽ ኣብ ውሽጢ ልበይ ኣቲዩ ኣሎ። እዚ ከም'ቲ መንፈሳውያን ጸሓፍቲ ዝብልዎ፡ "ቁልዒ ወይ ብልጭታ ናይ ነብሲ"እዩ። እዚ ብልጭታ እዚ፡ ንነገራት ብፍሉይ መገዲ ከም እንነብሮምን፡ ብዝዓበየ መንገዲ ብተኣማንነትን ጽንዓትን ንጸገማት ከም እንገጥሞምን ይገብረና።

እዚ ኣብ ጸሎት እሙን ኮይንካ ምርካብ፡ ኣብ'ዚ ጊዜ እዚ ሕጹጽን ኣድላዩን እዩ። ሓቂ ክንብል እንተኾይና እቲ ውሻጣዊ ሰላም ኣብ ቅድሚ ተለቭዥን፡ ኣብ ኢንተርነት ሓሰስ ብምባል ወይ ከኣ ኣብ'ቲ መወዳእታ ዘይብሉ ምስ ካልኦት

ኣብ እንገብሮ ዝርርብ ኣይኮናን እንረኽቦ። መብዛሕትኡ ግዜ ብጭቡጥ እዞም ነገራት እዚኣቶም ካብቲ ቀደም ዝነበርናዮ ንላዕሊ ከም እንርበሽን ሰላም ከም እንስእንን እዮም ዝገብሩና። ወይ ካብ'ቲ ቀደም ዝነበርናዮ ንላዕሊ ሻቅሎት ይሓድጉልናን ይፈጥሩልናን።

ብኣንጻሩ ግና ኣብ ቅድሚ ቅዱስ ቁርባን፡ ኣብ ቅድሚ መድሃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኩሉ ጊዜ እቲ ዜድልየና እኹል ዚኾነ ሰላም ንረክብ። ስለ'ዚ ኣብ ቅድሚኡ ብእምነት ክንቀርብ ዚኣክል ጊዜ ክንህቦ ይግባእ። ብተወሳኺ ብመንፈስ ድኻታት ኮይንና ኩሉ ካብ ምሕረት ኣምላኽ ክንጽበዮ የድሊ። በዚ መንገዲ እዚ ኣምላኽና ክበጽሓና እዩ፡ እቲ ዘድልየና ሰላም ክህበና እዩ።

ገለ ገለ ግዜ እቲ ናይ እግዚአብሔር ሰላም ኣብ ልባትና ክሳብ ዚነግሥ ንጸሎት ጊዜ ክንህቦ ግዴታና እዩ። በዚ መንገዲ'ዚ፡ ፍርህናን ሻቕሎትናን ንኻልኡት ያር ካብ ምኳን ንድኅን። ፈቃራት ኮይንና ክንርከብ ኣድላዩ እዩ።

ብፍላይ ኣብ'ዚ ጊዜ እዚ፡ ብዙኅ ጊዜ ጸሎትና ብቅዱስ መጽሓፍ/ቃሉ ዚተመገበ ዲዩ ኣይኮነን ምፍላጥ ኣድላዩ ኮይኑ ይርከብ ። ኣብ ሕይወት እቲ ዘጥፋእናዮ ሰላም እንደገና ኣባና ኪንግሥ ዜፍቅድ፡ እኹል ሓይልን ሥልጣን ዘለዎ ቅዱስ ቃሉ ጥራይ ዚኾነሉ ጊዜያት ኣሎ። ሰብኣዊ ሓሳባትናን ዓቕምታትናን፡ ሓደ ሓደ ጊዜ እኹል ኣይኮነን፡ ቃል ኣምላኽ ግና ውጽኢታዊ እዩ።

# ጸሎት

## ናብ'ታ ንግሥተ-ሰላም ዝኾነት እኖና ቅድስቲ ድንግል ማርያም ቀሪብና ብእምነት ንጸሊ ።

ሰላም ንዓኺ ኦማርያም፡ ጸጋ ዝመልኣኺ፡ እግዚአብሔር ምሳኺ እዩ። እንካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ፡ ናይ ከርስኺ ፍረ ኸአ ዝተባረኸ እዩ። ኦ ቅድስቲ ማርያም ኣደ ኣምላኽ፡ ለምንልና ነዓና ንኃጥኣን ሕጂን ብግዜ ሞትናን፡ ኣሜን። እቲ ሓያልን መሓርን ዝኾነ እግዚኣብሔር ኣቦን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ይባርኸናን ይሓልወናን። ኣሜን!

# ጸጋ ንምርካብ ዝቐርብ ልመና

ኣብ መዓልታዊ ሕይወተይ ነፍሲ ወከፍ ግዜን መዓልትን ኣብ ጸሎት እሙን ኮይነ ምእንቲ ኽርከብ እግዚአብሔር ጸጋታቱ ክህበኒ እልምኖ። ህያብ ሰላም ንኽቕበልን፡ ኣብ ህላዌ እግዚአብሔር ብዙሓ ጊዜ ኬጥፍእ ከምዘለኒ ንኽፈልጥን፡ ብመንገዲ ጸሎትን ኣብ ጸሎትን ንኹሉ ጸገመይ ኣብ ሓልዮት እግዚአብሔር ክድርብዮ ከምዘለኒ ክመሃር እልምን።

# ብርሃን ካብ እሙን ምስክርነት

እቲ ዜደንቕ መንግሥቲ ክርስቶስ ኣብ ልባትና ንኪነግሥ እቲ ዝዓበ መገዲ፡ ዘየቃርጽ ጸሎት ምግባርን ናይ ልቢ ዕረፍቲ ምርካብን ኢዩ። ጠጠው ቢልና እምበኣር ብዘይምቍራጽ ንገዛእ ርእስና ንዘክር፡ ገዛእ ርእስና ኣብ'ዚ ሓቂ እዚ ብመንፈስን ብልብን ኣብኡ ነተኩር።

እቲ ናይ ውሽጢ ሰላም ንምጭባጥ ዝዓበ መንገዲን ዘተኣማምን ኢዩ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እዚ ቀጻሊ ዝኾነ ጸሎት ምዝውታር ማለት ነፍስኻ ብሰላም ተመሊኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምቛም ማለት እዩ። መን እዩ ነቲ ህያብ ሓቂ፡ ሰላም፡ ትብዓት፡ ምጽንናዕ፡ ተስፋ ክገልጽ ዚኽእል፧ መንከ እዩ ንጸሎት ወይ ቦታ ጸሎት ኪትክእን፡ ንመንፈስና ነጻ ክገብርን ዚኽእል፧

## ካልኣይ ኣስተንትኖ ኣብ ልዕሊ ቃል ኣምላኽ

“ንሱ ይሓልየልኩም እዩ እሞ ንኹሉ ጓልዮትኩም ኣብኡ ኣውድቕዎ”። (1ጴጥ.5:7)

እዚ ኣቐዲመ ዜስተንተንክዎ ቃል ኣምላኽ ኣብ ልበይ እሕዞ፡ ቀጻሊውን ኣብ'ዚ መዓልቲ እዚ እደጋግሞ “ንሱ ይሓልየለይ እዩ እሞ ንኹሉ ጓይለይ ኣብኡ የውድቖ።



# 5ይ - መዓልቲ

# ሰላም ውጽኢት ናይ እምነት

# መዓልታዊ ኣስተንትኖ

## ዕድመ ንኣስተንትኖ

ኣብ'ዛ ግዜን ሰዓትን እዚአ ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኮይነ ብዛዕባ ህሉው ኩነታተይ ብምሕሳብ ብህድኣት ኣተንፍስ፡ ብዓይኒ እምነት፡ ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣቦ መንግስተ-ሰማይ ዚኾነ፡ ብለውሃት ዜፍቅረኒ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣቕርባ። ነቲ ንስኻትኩም ማኅደር መንፈስ ቅዱስ ምኻንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም" ዝብል ቃል ቅዱስ ጳውሎስ እናዘከርኩ፡ ነቲ ኣብ ልበይ ማኅደር ጌሩ ዘሎ ኣምላኽ ብምስትውዓልን ጥንቃቐን ንገለ ደቓይቕ ኣስተንትን።

## ምልክት መስቀል

ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ ኣሜን!

## ጸሎት ናብ መንፈስ ቅዱስ

ኦ መንፈስ ቅዱስ፡ ንስኻ ብርሃነይ ኢኻ፡ ንስኻ መጸናንዕየይ ኢኻ፡ ነዓ ነይ'ዚ መዓልቲ እዚ ጸሎተይ ምራሕ። ነቲ ጽባቐን ዓሚቚ መለኮታዊ ፍቕሪኻን ከምዝፈልጥን ከምዘስተማቕርን ግበረኒ። ነዓ ናይ እግዚኣብሔር ሰላም ኣብ ልበይ ኣስርጽ። ከምኡ'ውን ነዚ ሰላም እዚ ኣብ መንጎ ኣኅዋተይን ኣኃተይን ንኽዝርግሕ ክእለትካን ጸጋኻን ሃበኒ።

# ቀዳማይ ኣስተንትኖ

ኣብ'ዚ ናይ ሱባዔን አስተንትኖን ግዜና ድልየትናን ዕላማናን ሰላም ኣምላኽ ንምቕባል እንተ ኮይኑ፡ አብዚ ንገዛእ ርእስና እዚ ሕቶ እዚ ክንሓትት ይግበአና። አብ ሰላም ንኽትህሉ ወይ ንኽትነብር እቲ አድላዪ ቅድመ ኩነት ክንገብሮ ዘለና አየናይ እዩ፣ ሰላም ክህልወና ንዓይ ዝመስለኒ ይብል እዚ ጸሓፋይ ክልተ ኣድለይቲ ጠባያት ነንሕድሕደን ዚመላልኣ ኣብ መንጎአን ፈጺመን ክፈላለያ ዘይክእላ ኣለዋ።

እታ ቀዳመይቲ እምነት ኢያ። ፍጹም ምሉእ ዝኾነ እምነት ኣብ ምሕረት ኣምላኽን ኣብ'ቲ ተአማንነቱን ክህልወና። እዚ እምነት እዚ መዓልታዊ ኣብ ሕይወትና ክነተግብሮ ቀሊል ኣይኮነን። ብዙኅ ግዜ ሓደ ሕዋሳዊ ዝኾነ መረዳእታ ማለት ዚጭበጥ መረዳእታ ፍቕሪ ኣምላኽውን የብልናን። ሕይወት'ውን እንተኾነ ሓደ ሓደ ግዜ ከቢድ ዝኾነ ሸኽም ናይ ስቕያትን ዘይምሕጋስን የምጸኣልና ኢዩ።

እንተኾነ ግና እዚ እምነት እዚ ኣብ ሕይወትና አድላዪ ኢዩ። እምነት ክህልወና ኣለዎ። ወላ እኳ ሓደ ሓደ ግዜ እግዚኣብሔር ናብ'ቲ ንሕና ዘይንደልዮን ዘይንጽበዮን መንገዲ ገጹ እንተመርሓና፡ እቲ ኣብ እግዚአብሔር ዘለና እምነት ክንክሕድ የብልናን። ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ሰብ ሮሜ ከምዚ እንዳበለ ይጽሕፍ፦ *"በቲ ዝተዋህበና መንፈስ ቅዱስ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ልብና ስለ ዝመልኣ ከኣ፣ እታ ተስፋ ኣይትሓፍርን ኢያ።* (ሮሜ. 5:5)

እቲ መሠረታዊ ጸላኢ ናይ ሰላምና፡ እቲ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ኩነታት ወይ ከኣ ጠባያት ኣቕዋማት ናይ ካልኦት ኣይኮነን። እንታይ ደአ እቲ ናይ ነፍሲ ወከፍና እቲ ኣብ እግዚአብሔር ዘለና እምነት ጉድልነትን ዛሕልን ኢዩ። እዚ ኸአ ነቲ አብ

ዝኾነ ኩነታት ንረኽብ ብዘየገድስ፡ ብሓይሊ እግዚኣብሔር ጽቡቕ ክንረክብ ከምእንኽእልን እግዚአብሔር ከምዘይሓድገናን ንዘሎና ርግጽነት የጥፍኣልና።

ብሓቂ እምነት እንተለና ኩሉ እቲ ዘጓንፈና ጸገማት ነቲ ኣባና ዘሎ ሰላም ኣምላኽና ክዘርግን ክርብሽን ኣይክእልን እዩ። እዚኣቶም፡ እቶም ኣብ ሕይወትና ሓደ ሓደ ግዜ ክንዲ ጎቦታት ዚኾኑ ዚመጹና ሻቕሎታት ብቐልጡፍ ናብ ባሕሪ ክንድርበዮም ዚግብኣና እዮም።

እቲ ካልኣይ ኣብ ሰላም ክነብር፣ ወይ ናይ ልብና ሰላም ክንረክብ ብዘይስግኣትን ምጥርጣርን ንእግዚአብሔር ኣምላኽና ኣብ ዚኾነ ኩነታትና፡ ናይ ሕይወትና ፍቓድካ ይኹን ቢልና ክንክእል የድሊ። እዚ ማለት ምሉእ ብምሉእ ልባትና ንዕኡ ምኽፋትን፡ ንጸዋዕታ ኣምላኽን ሕሽኽታኡን ከይንነጽግን ምውሳንን ማለት እዩ። እዚ ማለት ግና ብሃንደበት ንሕና ምሉኣት ንኽውን ወይ ክንከውን ኢና ማለት ኣይኮነን። እዚ ዘይከኣል ኢዩ፡ ምልኣት ኣብ ኣምላኽ ጥራይ ኢዩ ዝርከብ። እንተኾነ ግና እግዚአብሔር ኣምላኽ ኣብ ሕይወትና ክአቱ ከምቲ ንሱ ዝደልዮ ከም ፍቓዱ ክመርሖ ምሉእ ፍቓድ ክንህቦ ልባትና ክንከፍተሉ የድሊ።

ኣብ ኩሉ ኩነታት ሕይወትካ ፍቓድ ኣምላኽ ምድላይ ቀሊል ኣይኮነን። ብዙኅ ግዜ ብፍርሂ ንመልእ፡ ብኣኡ ንጥቃዕ፡ እዚ ከኣ እምነት ስለዝጎድለና እዩ ። እግዚአብሔር ኣምላኽና ሰላምና ሓጎስና ከምዝደሊ እኹል እምነት የብልናን። ብዙኅ ግዜ ምሉእ ብምሉእ ንኣምላኽ ክንውፈ ዘሰንብድ ፍርሂ ኣለና። ምኽንያቱ እዚ ናበይ ገጹ ከምዚመርሓና ስለዘይንፈልጥ እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ ናይ ገዛእ ርእስና ዕድሎት ዕጫ ባዕልና ወሰንቲ ክንከውን ንመርጽ፡ ኩሉ ነገራት በቲ ዝደለናዮ ኪኸይድ ንደልዮ።

እዚ ግና ሕማቕ ውሳኔ እዩ። ብሓቂ ናይ ገዛእ ርእስና ጽቡቕ እንታይ ምዃኑ ዘይምፍላጥ እዩ። ነዚ ግና እግዚኣብሔር ጥራይ እዩ ዚፈልጦ። *"እምበኣር 'እንታይ ክንበልዕ ኢና፥ እንታይ ክንሰቲ ኢና፥ እንታይ ክንክደን ኢና፥' ኢልኩም ኣይትጨነቑ ...።"* (ማቴ.6:31-34) ፡ ስለ'ዚ እቲ ዝሓሸ ኣብ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ክንኣምን እዩ። ሕይወትና ኣብ ሕቕፍኡ ምቕማጥ እዩ። ኣብ ኣእዳዉ ምሕዳግ እዩ።

ሓደ ነገር ኣብ'ዚ ክንርድኦ ዘለና፡ ኩሉ ነገር እቲ ኣብ ሕይወትና ካብ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ዘይተቐበልናዮ ነገራት ሎሚ ወይ ጽባሕ ምንጪ ሽግርና እዩ ዚኸውን። ኣብ መጨርሽታ ከኣ ነዚ ሽግር እዚ ባዕልና ብናትና ጸጋን ብርሃን ኣእምሮን ክንፈትሖ ንፍትን ። ከም ውጽኢቱ ግና ኣባና ብዙኅ ጭንቀት ይፈጥረልና።

በንጻሩ ኩሉ ነገር ብእግዚኣብሔር ኣምላኽ እንተ ተወሂቡና ግና፡ ነቲ ኩሉ ኣብ ሕይወትና ዘጓንፈና ጸር ባዕላትና ክንፈትሖ ኢና ካብ ዝብል ሓሳባት ነጻ ክንከውን ኢና። ኩሉ ብእምነት ኣብ ሓይሊ እግዚኣብሔር ክነውድቆ ኢና። እግዚኣብሔር ናይ'ዚ ድማ ሽግራትን ጸጋማትን ሓላፍነት ኪወስድ እዩ። ካብ'ቲ ንሕና እንገብሮን እንሓስቦን ንላዕሊ ኸኣ ኣባና ሓይሊ ተግባራቱ ኪፍጽም እዩ።

ኣብዚ እነስተንትኖ ዘለና ነጥብታት፡ ነቲ ኣዚዩ ደስ ዜብል ቃል ጐይታና ክርስቶስ ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ተዘንቲዩ እንረኽቦ ንዘክር፦ *"ኣቱም ኩሉኹም እትጽዕሩ ጾር ዝኸበደኩም፥ ናብይ ንዑ፥ ኣነ ኸኣ ኬዕርፈኩም እየ። ኣነ ለዋህ እየ፥ ልበይውን ትሑት እዩ እሞ፥ ኣርዑተይ ፁሩ፥ካባይውን ተመሃሩ፥ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ኽትረኽቡ ኢኹም። ከመይ ኣርዑተይ ልዙብ ጾረይ ከኣ ፈኲሽ እዩ።"* ማቴ.11:28-30

ንሕና ኩሉንትናና ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ እንተሃብናዮ፡ ሕይወት ጥዑምን ብርሃንን ቀሊልን ይኸውን። ንኹሉ ዜጓንፈና ጸገማትውን ብእምነት ክንሰግሮ ክንርከብ ኢና። ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ ጥራይ ምስ እንደሊ፡ ኩሉ ግዜ ኣብ ሰላም ኢና እንነብር። ሰላም ኣምላኽ ከኣ ነስተማቕር። በንጻሩ፡ እቶም ንገዛእ ርእሶም ቀዳምነት ሠሪዖም ዚጥምቱ፡ ንሕይወቶምን ምንባሮምን ባዕሎም ብኽእለቶምን ሓይሎምን ኪቆጻጸሩ ዚፍትኑ፡ ኣብ ሓደ ከቢድ ሓላፍነትን ጸቕጥን ይወድቑ።

ሓደ ካብ'ቶም ዓበይቲ ጸላእቲ ውሽጣዊ ሰላምና፡ ኣብ'ቲ ሓሳባትናን ድልየታትናን ጠቢቕና ምንባር እዩ። በንጻሩ ካብ ሓሳብናን ድልየታትናን ወጺእና፡ ድልየትን ፍቓድ ኣምላኽን ኣብ ንፍጽመሉ፡ እዚ ምንጪ ሰላምና ኮይኑ ይርከብ።

ልክዕ እዩ ኣብ ሕይወትና ንነገራት ክንደልን ክንመርጽን መሰል ኣሎና። እንተኾነ ግና፡ ኩሉ ግዜ እቶም ነገራት ከምቲ ዝደለናዮም እንተ ዘይዀኑ ዝብል ሻቕሎት ገዲፍና፡ ገለ ውሽጣዊ ሰላም ናይ ልቢ ክንዕቅብ ወይ ክንውንን ይግበኣና። ኩሉ ግዜ ብዘይ ሻቕሎት ገለ ውሽጣዊ ነጻነት ክንዕቅብ ይግበኣና። እዚ ኣብ'ቲ ሓሳባትናን ድልየትናን ጥራይ ጠቢቕካ ዘይምንባር ንገዛእ ርእሱ ኣብ እምነት ኢና እንረኽቦ። እግዚኣብሔር ከም'ቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ፡ ነቲ ዝበለጸ ዘድልየና ንሱ እዩ ዚፈልጦ። ብቀዳምነት እቲ ኬዕብየና ዚኽእል ንሱ እዩ ዚፈልጦ። ንሱ ዝያዳና እቲ ሓቀኛ ሓጎስና ይደሊ። እምነትና መጠን ዓቢ ዚኾነሉ፡ መጠኑ ኸኣ ኣብ ነጻነት ንነብር፡ ነጻ ንኸውን። መጠኑ ከኣ ሰላም ንረክብ።

# ጸሎት

## ናብ'ታ ንግሥተ-ሰላም ዚኾነት እኖና ቅድስቲ ድንግል ማርያም ቀሪብና ብእምነት ንጸሊ።

ሰላም ንዓኺ ኦማርያም፡ ጸጋ ዝመልአኪ፡ እግዚኣብሔር ምሳኺ ኢዩ። እንካብ ኣንስቲ ዚተባረኽኪ ኢኺ፡ ናይ ከርስኺ ፍረ ድማ ዝተባረኸ እዩ። ኦ ቅድስቲ ማርያም ኣደ ኣምላኽ፡ ለምንልና ነዓና ንኃጥኣን ሕጂን ብግዜ ሞትናን፡ ኣሜን። እቲ ሓያልን መሓርን ዚኾነ እግዚአብሔር ኣቦን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ይባርኸናን ይሓልወናን። ኣሜን!

# ጸጋ ንምርካብ ዝቐርብ ልመና

ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ጸሎትን ኣስተንትኖን ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣብ መዓልታዊ ሕይወተይ ሓደ ዓቢ ጸጋ እምነት ኣብ ፍቅሩ ንኽህልወኒ እልምኖ። ከምኡ'ውን ብጽንዓት ፍቓድካ ይኹን ኣምላኽይ! ቢለ ዝኽእለሉ ወይ ንኽውስን ዚሕግዘኒ ጸጋ እምነት እልምን።

# ብርሃን ካብ እሙን ምስክርነት

ክቡር ማርስ ሮቢን ዝተባህለ ከም'ዚ እናበለ ይምስክር፦ መንፈስ አምላኽ ኣብ ልዕሊ እቶም ሕይወቶም ኣብ እግዚኣብሔር ዘንብሩን ሓጎስን ሰላምን ዝህብ ምኻኑን፡ እቲ ጠቓሚ ዘይኮነ ሥቅያት ካብ ሕይወቶም ዚድምሰስ ምኻኑ እንተንፈልጥ ካብ ሓጉስ ዝተላዕለ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽና ቀሪብና ምስገድና፡ መድነቕና አፍልጦ ምሃብናን።

ቅዱስ ማሪየ ዚተባህለ'ውን ከምዚ ይብል፦ "ብሓደ ንጽል ግላዊ ውሽጣዊ ቀላሕታ ኩሉ እቲ ልግሲ የዋህነትን መደብ ምሕረት ኣምላኽ ኣብ ነፍሲ ወከፍናን ክንርኢ እንተ ኽኢልና፡ ወላ ኣብ'ቲ ውርደት፡ ስቕያት፡ ሓዘን እንብሎ፡ ሓጉስና ገዛእ ርእስና ከም'ቲ ሓደ ሕፃን ብእምነት ኣብ ኣእዳው ወይ ሕቑፊ ኣዲኡ ዚድቅስ፡ በዚ እምነት እዚ ኩሉንትናና ኣብ መለኮታዊ ሓልዮት ኣምላኽ እንተ ኣውዲቕናዮ፡ ኣብ ኩሉ እቲ እንገብሮ ሥራሕ፡ ንእግዚኣብሔር ከነሕጉስ ብዝብል ሓሳባት ክንገብሮ ኢና ይብል።

ቀጺሉ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ምኻኑ ኣሚና፡ ንሱ ካብቲ ንሕና ንድኅነትና ንላዕሊ እንደልዮን እንብህጎን ንላዕሊ፡ ድኅነትና ከምዚደሊ ፈሊጥና፡ ኣብ ቅድስና ኣምላኽ ክነዕርፍ ኢና" ይብል።

ቅድስቲ ተሬዛ ዚተባህለት እውን፡ "እግዚአብሔር ምሳይ እንታይ ክገብር ከምዝደሊ ይፈልጥ እዩ ። ብዛዕባ እዚ ነገራት እዚ ዜጨንቕ የብለይን" ትብል።

## ካልኣይ ኣስተንትኖ ኣብ ልዕሊ ቃል ኣምላኽ

"ኣቱም ኩሉኹም እትጽዕሩ ፆር ዝኸበደኩም፥ ናብይ ንዑ፥ ኣነ ድማ ከዕርፈኩም እየ ። ኣነ ለዋህ እየ፥ ልበይውን ትሑት እዩ እሞ፥ ኣርዑተይ ፁሩ፥ ካባይውን ተመሃሩ፥ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ኽትረኽቡ ኢኹም። ከመይ ኣርዑተይ ልዙብ ፆረይ ድማ ፈኵሽ እዩ።" (ማቴ.11:28-30

ነዚ ኣቐዲመ ዝሰማዕኽዎ ቃል ኣምላኽ ኣብ ልበይ እሕዞ። ቀጺለውን ኣብ'ዚ መዓልቲ እዚ ይደጋግሞ። ኣርዑተይ ፁሩ፥ ካባይውን ተመሃሩ፥ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ኽትረኽቡ ኢኹም። ከመይ ኣርዑተይ ልዙብ ፃረይ ከኣ ፈኹሽ እዩ።



# 6ይ - መዓልቲ

# ትሕትና ምንጪ ሰላም

# መዓልታዊ ኣስተንትኖ

## ዕድመ ንኣስተንትኖ

ኣብ'ዛ ግዜን ሰዓትን እዚኣ ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኮይነ ብዛዕባ ህሉው ኩነታተይ ብምሕሳብ: ብህድኣት ኣስተንፍስ፡ ብዓይኒ እምነት፡ ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣቦ መንግስተ-ሰማይ ዝኾነ፡ ብለውሃት ዜፍቅረኒ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣቕርባ። ነቲ ንስኻትኩም ማኅደር መንፈስ ቅዱስ ምኻንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም" ዝብል ቃል ቅዱስ ጳውሎስ እናዘከርኩ፡ ነቲ ኣብ ልበይ ማኅደር ጌሩ ዘሎ ኣምላኽ ብምስትውዓልን ጥንቃቐን ንገለ ደቓይቕ ኣስተንትን።

## ምልክት መስቀል

ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ ኣሜን!

## ጸሎት ናብ መንፈስ ቅዱስ

ኦ መንፈስ ቅዱስ፡ ንስኻ ብርሃነይ ኢኻ፡ ንስኻ መጸናንዕየይ ኢኻ፡ ነዓ ናይ'ዚ መዓልቲ እዚ ጸሎተይ ምራሕ። ነቲ ጽባቐን ዓሚቕ መለኮታዊ ፍቕሪኻን ከምዝፈልጥን ከምዘስተማቕርን ግበረኒ። ነዓ ናይ እግዚኣብሔር ሰላም ኣብ ልበይ ኣስርጽ። ከምኡ'ውን፡ ነዚ ሰላም እዚ ኣብ መንጎ ኣኅዋተይን ኣኃተይን ንኽዝርግሕ ክእለትካን ጸጋኻን ሃበኒ።

# ቀዳማይ ኣስተንትኖ

ብጸጋ እግዚአብሔር ኣብ'ዚ ሻድሻይ መዓልቲ ናይ ሱባዔናን ኣስተንትኖናን ነቶም ጸላእቲ ሰላም እንታይ ምዃኖም ክንርዳእ ክንፍትን ኢና። እዞም ነቲ ሰላም እግዚአብሔር ከይንቕበል ዕንቅፋት ዝኾኑናን ጠጠው ዜቡሉናን ነገራት ክነለልዮም ክንፍትን።

ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ኣስተንትኖና ሓደ ካብ'ቶም ቀዳማይ ጸላኢ ሰላምና ዚኾነ ክንርኢ፦ ንሱ ኸአ ኣንነት እዩ። እቶም ብኣንነት ተመሪሖም ወይ ተደፋፊኦም ዝነብሩ ሰባት ብፍጹም ኣብ ሕይወቶም ሓቀኛ ሰላም ኪረኽቡ ኣይክእሉን እዮም። ንሳቶም ዝያዳ ካልኦት ከምዝኾኑ ይሰምዖም። መዓልታዊ ሕይወቶም ሰባት ክፈርዱ ወይ ክንዕቁ ከነኣእሱን ይርከቡ። ናይ ሰብ ሓገዝ ዘየድልዮም፣ ገዛእ ርእሶም ዝኸአሉ፣ ልዕሊ ካልኦት ኩሉ ከምዝገብሩን ከምዝኽእሉን ኮይኑ ይስምዖም። ብተወሳኺ ሕይወቶም ብናቶም ጥበብ ክቖጻጸሩን ክመርሑን ይፍትኑ። ምኽንያቱ ኣብ ቅድሚ ሰባት ንገዛእ ርእሶም እቶም ዝበለጹ ጌሮም ስለዝሓስቡ።

ኣብ ሕይወቶም ብዙኅ ዘይተጸበዩዎ ተምክሮ ውድቀት የጋጥሞም። ኣብ ኩሉ ኩነታት ሕይወቶም'ውን እቲ ናታቶም እንታይነት ዓቕምታቶም ድሩት ምኻኑ ጉድልነታቶም ኮነ ድኻምነቶም ይግለጸሎም። ኩሉ ግዜ ኣብ ሓደጋ ዘለዉ ይመስሎምን ይሰምዖምን። ኩሉ ጊዜ ነቲ ናይ ገዛእ ርእሶም ሥእልን ፍሉይነቶምን ኪከላኸሉ ከምዘለዎም ጥራሕ ይሰምዖም። እዞም ሰባት እዚኣቶም ንገዛእ ርእሶም ኣብ መንጎ ኣኅዋቶም ምሉኣት'ምበር ጎደሎ ዘይብሎም ኮይኖም ይቐርቡ።

ብተደጋጋሚ ነዞም ዚሰዕቡ ዘሻቕሉ ሕቶታት ንገዛእ ርእሶም ክሓቱ ይርከቡ። "ካልኦት ብዛዕባይ እንታይ ይብሉ፧

እንታይ ይሓስቡ፧ ኩሉ ግዜ ካልኦት ከም ተዋዳደርቶም ወይ ዘፍርሕዎም ኮይኖም ይሓስቡ። ኣብ'ዚ ገዛእ ርእሶም ኣብ ሓደ ዓቢ ሓደጋ ወዲቖም እንከሎው፥ "ኣነ ምሉእ(ፍጹም) እየ" ኣብ ዝብል ሓሳባት ይዕጸዉ። ኩሉ ሥርሖም ብዘይ ዚኾነ ጉድለት ከምዝገብሩዎ ይኣምኑ። ኣብ ኩሉ ዝገብርዎ ዝበለጹን ኩሉ ብብቕዓት ዝገብሩዎን ኮይኑ ይሰምዖም። እዚ ድማ ተደጋጋሚ ጸቕጢ ይፈጥረሎም።

እዞም ኣነ ፍጹም እየ፥ ጉድልነት የብለይን፥ ዚብሉ ሓሳባት፥ ገለ ካብ'ቶም ዚኸፍኡ ጸላእቲ ሰላም ናይ ልባትናን ናይ ሕይወትናን እዮም። ኣብ'ዚ እምበኣር ንገዛእ ርእስና ኣብ መንጎ ኣንነትን ትሕትናን እንታይ ዓይነት ፍልልይ ክህሉ ይኽእል ቢልና ክንሓስብን ክነስተንትን ንጽዋዕ፥ ማለት ንገዛእ ርእስና ምስ'ቶም ናይ ትሑት ባኅሪ ወይ ጠባይ ዘለዎም ሰባት ከነዋዳድራ ንዕደም።

እዞም ሰባት እዚኦቶም ማለት ትሑታት ኣብ ጉድልነት ድኻምነት፥ ኣብ ጌጋታት ምስ ዝርከቡ ብሰላማዊ መገዲ ነቲ ጉድልነቶም ድኻምነቶም ክቕበልዎ ይርከቡ። ኣብ ሕይወቶም ገለ ጉድልነቶም ወይ ከአ ሙልኣት ከምዘይኮኑ ዘቃልሕ ዝገልጽ ነገር እንተ ኣጋጠሞም ሕልናኦም ከዕርቡ ወይ ተስፋ ክቖርጹ ኣይርከቡን። እንታይ ደኣ ብህድኣት ይጽበዩ። ቐሲኖም ስቕ ይብሉ። ምኽንያቱ ብትሕትና ነቲ ጉድልነቶም ወይ ጎደሎታት ምኻኖም ስለዝኣምኑ። እዞም ሰባት እዚኦቶም ኣብዚ ኩነታት ምስ ዝርከቡ ብቐጥታ ተንሲኦም ብእምነት ኣብ'ቲ ሠናይ ዝኾነ ኣእዳው ሕቝፌ እግዚአብሔር ኣምላኾም ይወድቑ። ኩሉ እቲ ተስፋኦም ኣብ ገዛእ ርእሶምን ሓይሎምን ክእለቶምን ዘይኮነ፥ ኣብ'ቲ መሓሪ ዝኾነ ኣምላኾም ይገብሩ። ምኽንያቱ ንሱ ፈቃር ኣምላኽ፥ መሓሪ ኣምላኽ ምኻኑ ስለዝኣምኑ እዩ።

እዞም ሰባት እዚኦም ማለት ከምዝወድቁን ጌጋታት ከምዝፍጽሙን፡ ከምዝኃጥኡን ዚኣምኑ፡ ገዛእ ርእሶም ናይ ምድኃን ክእለትን ዓቕምን ከምዘይብሎም ይቕበሉ። ድኅነት ምቕባል ድማ ሓደ ነጻ ህያብ ምሕረት ኣምላኽ ምዃኑ ይኣምኑ። ብተወሳኺ ብምልኣት ኣብ ልግሲን ሕያውነትን እግዚኣብሔር ዝግዕተኛ ኮይንካ ምንባር ከአ ሓጎስን ሰላምን ይህቦም።

ኣንነት ዘለዎም ሰባት ግን ኩሉ ጊዜ ምስ ካልኦት ኣብ ኩናት እዮም ዝነብሩ፡ እዚኣቶም ሰላም ኮነ ዕረፍቲ የብሎምን። ምስ እግዚኣብሔርውን ኣብ ኩናት ይነብሩ። ምኽኒያቱ ገዛእ ርእሶም ከም ነአሽቱ ሕጻናት ብእምነት ብእግዚኣብሔር ክምርሑን ብጥበቡ ክምልኡን ስለዝነጽጉ ኢዩ።

ምስ ኣኅዋቶምን ኣኃቶምን ኣብ ኩናት ይነብሩ፡ እዚ ዚኹነሉ ምኽንያቱ ድማ ስለዝቐንኡን፡ ንሰብ ሰለ ዝንዕቁን ዜቈናጽቡን እዩ፡ ወይ ንኹሉ ሰብ ከም መወዳደርቶም ስለዝጥምትዎ እዩ። እዚ ማለት ምሉእ ሕይወቶም ምስ ካልኦት ኣብ ምውድዳር እዮም ዜኅልፉዎ። ከም ሳዕቤኑ ከኣ ጉሁያትን ትኩዛትን ይኾኑ።

ብተወሳኺ እዞም ሰባት እዚኦቶም ምስ ገዛእ ርእሶም ኣብ ኩናት እዮም ዝነብሩ። ምኽንያቱ እቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወዲ ሰብ ዘሎ ውድቀትን ድኻምነትን ስለዘይቅበሉ እዩ። ብተወሳኺ ምስ ሕይወት ብርእሳውን ኣብ ኩናት ይነብሩ። እዚ ዚኾነሉ ምኽንያት ድማ፡ ኣብ መዓልታዊ ሕይወቶም ነቲ ድኽነቶምን፡ ውድቀቶምን ሕመቐምን ዜጋልጽ ኩነታት ፍታሕ ክንዲ ምርካብ፡ ንዓኡ ብምንጻግ ኣብ ኩሉ ዕውታት ክኾኑ ስለዝደልዩ እዩ።

ትሑታት ኣመንቲ ግና ምስ እግዚአብሔር ኣምላኾም ኣብ ሰላም ይነብሩ። ንገዛእ ርሶም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብምቕራብ ንሱ ከም ሕጻናት ክምህሮም የፍቅዱ። ምስ ካልኦት ኣኃዋቶምን ኣኃቶምን ብሰላም ይነብሩ። ምኽንያቱ ከኣ ንኻልኦት ከምዘለዉዎ ምስ ኩሉ ድኻምነቶምን ሕመቖምን ኃጢአቶምን ስለዝቕበሉዎም እዩ። ብተወሳኺ ከም ተዋዳደርቲ ዘይኮኑስ ከም ኣኃዋትን ኣኃትን ብዘይ ቅድመ ኩነት ክፉታት ኮይኖም ስለዝቖርቡ'ውን እዩ።

እዞም ሰባት እዚኦቶም ምስ ገዛእ ርእሶምውን ኣብ ሰላም ይነብሩ። ምኽንያቱ ናይ ገዛእ ርእሶም ድኽመትን ኃጢአትን ስለዝቕበሉን ምሉኣት ከምዘይኮኑ ስለዝኣምኑ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ብዛዕባ ውድቀቶምን ድኽመቶምን ዜጨንቖ የብሎምን።

እዞም ከም'ዚ ዚኣምሰሉ ሰባት፡ ኣብ ሕይወቶም'ውን ኣብ ሰላም ኪነብሩ ይኽእሉ። ምኽንያቱ ኣብ'ዚ ዓለም እዚ ንኹሉ ክቖጻጸሩን ክዕብልሉን ኣይሓስቡን እዮም። እንታይ ደኣ ንሓቂ ከምዘለዎ ንኽቅበሉ ቁሩባት ይኾኑ። ብተወሳኺ ንገዛእ ርእሶም ኣብ ኣእዳው ሕቑፊ እግዚአብሔር የውድቑዋ።

# ጸሎት

## ናብ'ታ ንግሥተ-ሰላም ዝኾነት እኖና ቅድስቲ ድንግል ማርያም ቀሪብና ብእምነት ንጸሊ።

ሰላም ንዓኺ ኦማርያም፡ ጸጋ ዝመልአኪ፡ እግዚአብሔር ምሳኺ እዩ። እንካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ፡ ናይ ከርስኺ ፍረ ኸአ ዝተባረኸ እዩ። ኦ ቅድስቲ ማርያም ኣደ ኣምላኽ፡ ለምንልና ነዓና ንኃጥኣን ሕጂን ብጊዜ ሞትናን፡ ኣሜን። እቲ

ሓያልን መሓርን ዝኾነ እግዚኣብሔር ኣቦን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ይባርኸናን ይሓልወናን። ኣሜን!

## ጸጋ ንምርካብ ዝቐርብ ልመና

ንእግዚአብሔር ጸጋ ትሕትናን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንእሸተይ ኮይነ ዝርከበሉን ዝቐርበሉን ጸጋ ክህበኒ እልምኖ። ኣብ ልዕሊ ጌጋታተይን ድኻምነተይን ገዛእ ርእሰይ ብፍጹም ተስፋ ከይቖርጽኩ እንታይ ደኣ ኩሉ ግዜ እምነተይ ኣብ እግዚኣብሔር ኣምላኸይ ክንብር ፍሉይ ጸጋ እልምን።

## ብርሃን ካብ እሙን ምስክርነት

ኣብ ሕይወት “ካብ ገዛእ ርእስኻ ምፍቃርን ንገዛእ ርእስኻ ጥራሕ ምጥማትን ንላዕሊ ዜጨንቐናን ዜጽግመናን ነገር የለን”። ስለምታይ ኢናኸ ኃጢአት ፈጺምና ወይ ከአ ጎዶሎታት ኮይንና እንተ ተረኺብናንሲ ንጭነቐን ንሸገርን፣ እቲ ምኽንያት ንገዛእ ርእስና ገበርቲ ሠናይ፣ ረዘንቲ፣ ጽኑዓት፣ ጌርና ስለንሓሰብ እዩ። ስለ'ዚ ኣብ ሕይወትና ኣንጻር ናይ'ዚ ዚተባህለ ኮይኑ ምስ እንረኽቦ ወይ ነዚ ኣብ ገዛእ ርእስና ዘሎና ኣረአእያ ዘፍርስ መረጋገጺ ምስረኽብናን ብገጽና ኣብ ምድሪ ምስ ወደቕናን ንጭነቕ፣ ንብደል፣ ንርበሽ። ገዛእ ርእስና እንተ ንፈልጥ ወይ እንተንርዳእ ግን፣ ከመይ ቢልና ጠጠው ኢልና ከምዘለና ምተገረምና ኔርና” ይብል። ቅዱስ ፍራንሲስ በዓል ሳለስ

“ነቲ መለኮታዊ ድልየት ወይ መለኮታዊ ፍቓድ ኣምላኽ ወላ ኣብቲ ጊዜ መከራኻን ጭንቐኻን ከመይ ጌርካ ክትርኢ ከምእትኽእል እንተፈሊጥካ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ሰላም ክህልወካ እዩ። ብፍላይ እቲ መወዳእታ ዘይብሉ ፍቕሪ ኣብ ኩሉ ነገራት ከምዚመርሕ እንተ ተአሚንካ፡ ተራ ናይ’ቲ መከራኻን ጭንቀኻን ንዕብየት መንፈሳውነትካ ክሳብ ክንደይ ክቡር ምኻኑ ክርደአካ እዩ” ይብል፡ ኃው ማሬየ።

ዕረፍቲ ክተርክብ እንተደሊኻ፡ ንገዛእ ርእስኻ ምስ ካልኦት ኣይተወዳድራ” ቅ. ተሬዛ በነዲክት

## ካልኣይ ኣስተንትኖ ኣብ ልዕሊ ቃል ኣምላኽ


ኦ እግዚአብሔር፥ ትዕቢት ኃዲገ ኣሎኹ፥ ትምክሕት’ውን ገዲፈዮ ኣሎኹ።

ብዛዕባ ዓቢይን ኬስተውዕሎ ዘይክእል ነገርን ምግዳስ ገዲፈዮ ኣሎኹ።

እኳ ደአ ተሓጉሰ ኣሎኹ፥ ሰላም’ውን ረኺበ ኣሎኹ።

ከም’ቲ ኣብ ሕቝፊ ኣዲኡ ሃዲኡ ዚድቅስ ሕፃን፥ ከምኡ ነፍሰይ ኣብ ውሽጠይ ሃዲኣ ኣላ።

ኦ እስራኤል፥ ካብ ሕጂ ንዘለዓለም ብእግዚኣብሔር ተስፋ ግበር። (መዝ. 131.1-3)



# 7ይ - ክፍሊ

# ምሕረት ኣብ ዘይብሉ ሰላም የሎን

# መዓልታዊ ኣስተንትኖ

## ዕድመ ንኣስተንትኖ

ኣብ'ዛ ጊዜን ሰዓትን እዚኣ ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኮይነ፡ ብዛዕባ ህሉው ኩነታተይ ብምሕሳብ፤ ብህድኣት ኣስተንፍስ፡ ብዓይኒ እምነት፡ ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣቦ መንግስተ ሰማይ ዚኾነ፡ ብለውሃት ዘፍቅረኒ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣቕርባ። ነቲ "ንስኻትኩም ማኅደር መንፈስ ቅዱስ ምዃንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም" ዝብል ቃል ቅዱስ ጳውሎስ እናዘከርኩ፡ ነቲ ኣብ ልበይ ማኅደር ጌሩ ዘሎ ኣምላኽ ብምስትውዓልን ጥንቃቐን ንገለ ደቓይቅ ኣስተንትን።

## ምልክት መስቀል

ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ ኣሜን!

## ጸሎት ናብ መንፈስ ቅዱስ

ኦ መንፈስ ቅዱስ፡ ንስኻ ብርሃነይ ኢኻ፡ ንስኻ መጸናንዕየይ ኢኻ፡ ነዓ ነዚ ናይ'ዚ መዓልቲ እዚ ጸሎተይ ምራሕ። ነቲ ጽባቐን ዓሚቕ መለኮታዊ ፍቕሪኻን ከምዝፈልጥን ከም ዘስተማቕርን ግበረኒ። ነዓ ናይ እግዚኣብሔር ሰላም ኣብ ልበይ ኣስርጽ። ከምኡ'ውን ነዚ ሰላም እዚ ኣብ መንጎ ኣኅዋተይን ኣኃተይን ንኽዝርግሕ ክእለትካን ጸጋኻን ሃበኒ።

# ቀዳማይ ኣስተንትኖ

ኣብ ሕይወትና ብሓቂ ውሽጣዊ ሰላም ክንጭብጥ እንተ ደሊና እቲ ሓደ ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና አድላዪ ቅድመ ኹነት ክንገብሮ ክንፍጽሞ ዘለና ነቶም ኣብ ርእስና ጌጋ ዝፈጸሙ ወይ ዝበደሉና ይቕረ ምባል ወይ ምሕረት ምሃብ ኢዩ። ብፍላይ ገለ ሰባት ኣብ ዝብዱሉና ግዜ ምሕረት ምሃብ ቀሊል አይኮነን። ሓደ ሓደ ግዜ ንኽንምሕር ብዙሕ ጊዜ ይወስደልና። ኣብ ጸሎት ምእንቲ እዚ ብትሕትና ጸጋ አምላኽ ክንልምን አለና። ምኽንያቱ መብዛሕትኡ ግዜ እዚ ተግባራት ንኽንፍጽም ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ስለዝኾነ።

ክንምሕር መጀመርታ ብድልየት ክንጅምር ኣለና። ማለት ንኽንምሕር መጀመርታ ድሌት ከነርኢ ኣለና። ቀጺልና ነቲ ልዑል ኣምላኽና ብትሕትናን ጽንዓትን ነዚ ጸጋ እዚ ክህበና ኣብ ጸሎት ንልምኖ። ናብ እግዚአብሔር ኣቦ ናብ'ቲ ሓደ በይኑ ምሕረት ክህብ ክእለት ዘለዎ ገጽና ክንምለስ ይግበአና። ምኽንያቱ ንሱ ጥራይ ኢዩ ንኹሉ ኬሕውን ኪሓንጽን ዚኽእል። ከም ክርስቶስ ጐይታና ንእግዚአብሔር ኣቦ *"ኦ ኣቦይ፥ ዚገብሩዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ሕደገሎም"* (ሉቃ. 23:34) እናበልና ክንጽሊ ይግበአና።

ብጽንዓትን እምነትን እንተለሚንና፡ ሓደ መዓልቲ ብምሉእ ልብና እንመሕረሉ ጸጋ ኪወሃበና እዩ። እዚ ኸኣ ምንጪ ሰላምና ኪኸውን እዩ። ኣብ መወዳእታ እቲ ፍቕሪ እቲ ኣብ ልባትና ሓጐስ ከምዝረኽበ ኪስመዓና እዩ። ካብ'ቲ ጸቢብ ኣተሓሳስባናን ፍርድናን ከምዝወጻእናን ብተወሳኺ ነቲ ሕማቕ ዕድል፡ ብፍቕሪ ንኽንምልስ ነጻነት ኣለና። ከም'ቲ ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ሰብ ሮሜ እንኪጽሕፍ ዚብሎ፦ *"ነቲ እኩይ ደአ ብሠናይ ኀርካ ስዓሮ እምበር፥ በቲ እኩይ ኣይትስዓር።"*

(ሮሜ.12:21)፡ ንኃጢአት ብሠናይ ተግባራት ንኽንስዕር ነጻነትን ምርጫን ኣለና።

ነቲ ሓደ ኃውና ወይ ሓንቲ ኃውትና፡ ከም ሓደ ጸላኢ ዘይኮነስ ከም ሓደ ሓውና ንኽንቅበሎ ክእለት ክህልወና እዩ፡ ወይ ክንክእል ኢና። እዚ ተመክሮ እዚ ኣብ ፍቕሪ፡ ኣብ ምሕረት ዓወት ኪርከብ ከምዚከኣልን ክንርዳእ ከምኡ'ውን ሓደ ዓቢ ውሽጣዊ ሰላም ከምእነስተማቕርን እንጭብጥን ኪገብረና እዩ። በቲ ሓደ መዳይ ግና በንጻሩ ዚኾነ ይኹን ሕማቕ ንዝገበረና ምሕረት ንምሃብ እንተ ነጸግና፡ ገዛእ ርእስና እንተ ኣትረርናን ልባትና ዕጹው እንተ ገብረናን፡ ኩሉ ግዜ ቂም ክንሕዝ ክነማርርን ክነብር ኢና። ብተወሳኺ ሕማቕ ሓሳባት ኣብ ልዕሊ እቲ ሕማቕ ዝገበረናን ኃው ወይ ኃውቲ ክንሓስብ ኢና።

እዞም ሓሳባትን ስምዒታትን እዚኦቶም ኣብ ልባትና ብዙሕ ቦታ ክሕዙልናን ክወስዱልናን ኢዮም። ካብቲ ጉዑዞና ከሰናኽሉና ኢዮም። ከምኡዉን ዓሙቕ ዝኾነ ሰላም ከይነስተማቕር ዕንቅፋት ክኾኑና ኢዮም። ኣብ ልባትና ፍቕሪ ክሳብ ዘይነገሠ፡ ኣብ ሕይወትና ሰላም ክንረክብ ሰላም ክነስተማቕር ኣይንኽእልን ኢና። ልባትና ክሳብ ብጽልእን፡ ብመረረን ወይ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ብሕማቕ ሓሳባት ክሳብ ዝተመልአን፡ ብሓቂ ፍቕርን ሰላምን ሓጐስን ኣብ ልባትና ክነግሦ ኣፀጋሚ እዩ።

ብተወሳኺ ብዛዕባ እዞም ኣስዒብና እንገልጾም ክንፍልጥን ክንግንዘብን ይግበኣና። ብሓደ ሕማቕ ወይ ዝበደለኒ ሰብ እሳቐ እንተለኹ፡ ኣነ ኣብ መወዳእታ ነቲ ዝበደለኒ ሰብ ንኽምሕር ኣብ ዝወሰንክሉ መዓልቲ ጥራይ እየ ልበይ ናብ'ቲ ዓሚቝ መንገዲ ሕውየትን ሰላምን ከምርሕ ዝጅምር። ወይ ናብ'ቲ ሰላም ገጹ ክጕዓዝ ዝጅምር።

ሓደ ሰብ በቲ ሕማቅ ተግባራቱ ግዳይ እንተ ገበረኒ፡ ኣንጻር እቲ ሰብ እቲ ኣብ ሕይወተይ ቂም ምስ ዝኹስኩስ፡ እዚ ተግባራት እዚ ከሕውየኒ፡ ሰላም ክህበኒ ኣይክእልን ኢዩ። እካ ደአ ነቲ ሰብ እቲ መሊሰ ሕማቕ ይገብሮ አለኹ። ብመንገዲ ይቕረን ምሕረትን ጥራይ ኢየ ክሓዊ ዝኽእል። *"መሓርቲ ምሕረት ክረኽቡ እዮም እሞ፥ ብፁዓን እዮም።"* (ማቴ.5:7)

ይቕረ ንኽትብል ወይ ንኽትምሕር ኣብ ውሳኔ ንኽትበጽሕ ኩሉ ግዜ ቀሊል አይኮነን። እንተኾነ ግና እቲ ሓደ መንገዲ ናብ ምሉእ ሕውየት ዚመርሓና ንሱ ጥራይ ኢዩ። ኣብ ምሕረት ንኽንዕወት ክንርድኦ ዘለና፡ እቲ ምሕረት ንምሃብ እንገብሮ ውሳኔ ኣብ እምነትን ተስፋን መሠረት ዝገበረ ኢዩ።

እምነት፡ እግዚአብሔር ካብ'ቲ ሕማቕ ነገር ዘሳቐየና ሠናይ ነገራት ኪገብር ከምዝኽእል፡ ካብ'ቲ ሕማቕ ሠናይ ነገራት ኬውጽእ ከምዝኽእል ከም እንርዳእ ይገብረና። እኹል ሓይሊ ከምዘለዎ "ከኣል ኩሉ" ምኻኑ ንኽንኣምን ክእለት ይህበና። ነቲ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዘለና ሕርቃናን ምምራርናን ከም እንሰግር ይገብረና። ኣብ'ዚ ርጉጻት እንተኾና፡ እግዚአብሔር ንእምነትና ካብ'ቲ ብምኽንያት ናይ ካልኦት ጌጋ ዘጥፋእናዮ ንላዕሊ ኪህበና ክእለት ኣለዎ። እቲ ብምኽንያት ናይ ካልኦት ጌጋ ካብ ሰላም ዜሕርቐና ዚነበረ ምኽንያታት ቐስ ብቐስ ይጠፍእን ይሃስስን።

ምሕረት ምሃብ ብኻሊእ ወገን ኣብ ልዕሊ እቶም ዝበደሉና ናይ ተስፋ ተግባር ምፍጻም እዩ። ምሕረት ምሃብ ማለት ኣብ ልዕለይ ጌጋ ዝፈጸመ ወይ ዝበደለ ኃው ወይ ኃውቲ ኣብ'ቲ ዚፈጸሞ ጌጋ ክእሰር ኣይደልን፡ እንታይ ደኣ ኣብ'ቲ ተኽእሎ ናይ ለውጢ እኣምን። ኣይምሕርን ማለት

ግና ነዚ ኩሉ ኣቐዲምና ክንገልጾ ዝጸናሕና በንጻሩ እዩ። ንሰብ ብደምዳሚ መገዲ ምኹናን ማለት፡ ነቲ ተኽእሎ ሓደ ሓቀኛ ዝኾነ ጣዕሳን ንስሓን ምንጻግ ማለት እዩ። እዚ ኽንገብር ነጻነት ኣሎናዶ፧ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊ ነፍሲ ወከፍና ተስፋ ኣለዎ፡ ተስፋ ኣይቆርጽን እዩ። ነቲ ናቱ ኣብነት ክንክተልን ክንስዕብን ይግበኣና።

ምሕረት ምሃብ ማለት ነኀዋተይ ኣኃተይን ካብ ሕጂ ንደሓር ከም ፍሉያት ጸላእተይ ኣይርእዮምን እየ። እንታይ ደኣ፡ ንተኽእሎ ዕርቂ ኣፍደገ ክፉት እገድፎ። ኣብ'ዚ ግና ብርግጽ እዚ ዕርቂ እዚ ብኣይ ወገን ጥራይ ዝውሰን ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ንመጻኢ ነቲ ቀሊል ተግባራት ብመንገዲ ምሕረት ወይ ዕርቂ ማዕጾ ክፉት ምግባር፡ ንመጻኢ ኣብ ክንዲ ንጽልኢ ነቲ ንሰላም ዚህበና ፍቕሪ ምዕዳም ማለት እዩ። ኩሉ ጊዜ ኣብ'ቲ ንእምነትን ተስፋን ዝለማመደሉ ጊዜ፡ ሰላመይ ይዓብየለይ።

## ጸሎት

ናብ'ታ ንግሥተ-ሰላም ዚኾነት እኖና ቅድስቲ ድንግል ማርያም ቀሪብና ብእምነት ንጸሊ ።

ሰላም ንዓኺ ኦማርያም፡ ጸጋ ዚመልኣኪ፡ እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ። እንካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ፡ ናይ ከርስኺ ፍረ ኸኣ ዚተባረኸ እዩ። ኦ ቅድስቲ ማርያም ኣደ ኣምላኽ፡ ለምንልና ነዓና ንኃጥኣን ሕጅን ብጊዜ ሞትናን፡ ኣሜን። እቲ ሓያልን መሓርን ዚኾነ እግዚኣብሔር ኣቦን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ይባርኸናን ይሓልወናን። ኣሜን!

# ጸጋ ንምርካብ ዝቐርብ ልመና

ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ጸሎትን ኣስተንትኖን ጊዜ እምበኣር፡ ንገዛእ ርእሰይ ከም'ዚ እናበልኩ እሓትት፦ "እቶም ኣብ ሕይወተይ ሕጂ ገና ዝጸልኡምን ዝተቐይምኩሎምን ሰባት እንመን እዮም፣ ነዞም ሰባት እዚኣቶም ክምሕሮምን ይቕረ ክብለሎምን ንእግዚኣብሔር ሎሚ ጸጋኡ ክህበኒ ብምሉእ ልበይ እልምኖ። ኣብ ምሕረት ኣምላኽውን ኣማዕቅቦም።

# ብርሃን ካብ እሙን ምስክርነት

"ኣብ ገዛእ ርእስኻ ጥበብ ውግእ፡ ኣብ ካልኦት ግና ጥበብ ሰላም ተመሃር" ። ማደሊን ደለብረል

## ካልኣይ ኣስተንትኖ ኣብ ልዕሊ ቃል ኣምላኽ

"ንሓድሓድኩም ተጸዋወሩ፥ ኣብ መንጎኹም ቅር ዜብል ነገር እንተሎ፡ ይቕረ ተበሃሃሉ ። ከምቲ ጐይታ ይቕረ ዝበለልኩም ይቕረ ተበሃሃሉ። ኣብ ልዕሊ እዚ ኹሉ ግና ንኹለን ኣሲራ ኣብ ፍጻሜ እተብጽሖን ፍቕሪ እያ እሞ ልበሱዋ። ናይ ሓደ ሰብነት ኣካላት ኮይንኩም፡ ንሰላም ተጸዊዕኩም ኢኹም እሞ፥ ሰላም ክርስቶስ ኣብ ልብኹም ይንገሥ።" (ቈላ.3:13-15)



# 8ይ - መዓልቲ

## ሰላም ንኽትረክብ ንሕይወት ከምዘለዎ ተቐበል

# መዓልታዊ ኣስተንትኖ

## ዕድመ ንኣስተንትኖ

ኣብ'ዛ ግዜን ሰዓትን እዚኣ ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኮይነ ብዛዕባ ህሉው ኩነታተይ ብሕሳብ፤ ብህድኣት የተንፍስ፡ ብዓይኒ እምነት፡ ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣቦ መንግስተ ሰማይ ዚኾነ፤ ብለውሃት ዘፍቅረኒ እግዚኣብሔር ኣምላኽ የቐርባ። ነቲ ንስኻትኩም ማኅደር መንፈስ ቅዱስ ምኻንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም" ዝብል ቃል ቅዱስ ጳውሎስ እናዘከርኩ፡ ነቲ ኣብ ልበይ ማሕደር ጌሩ ዘሎ ኣምላኽ ብምስትውዓልን ጥንቃቐን ንገለ ደቓይቅ ኣስተንትን።

## ምልክት መስቀል

ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ ኣሜን!

## ጸሎት ናብ መንፈስ ቅዱስ

ኦ መንፈስ ቅዱስ፡ ንስኻ ብርሃነይ ኢኻ፡ ንስኻ መጸናንዕየይ ኢኻ፡ ነዓ ነይ'ዚ መዓልቲ እዚ ጸሎተይ ምራሕ። ነቲ ጽባቐን ዓሚቐ መለኮታዊ ፍቕሪኻን ከምዝፈልጥን ከምዘስተማቕርን ግበረኒ። ነዓ ናይ እግዚኣብሔር ሰላም ኣብ ልበይ ኣስርጽ። ከምኡ'ውን ነዚ ሰላም እዚ ኣብ መንጎ ኣኅዋተይን ኣኃተይን ንኽዘርግሕ ክእለትካን ጸጋኻን ሃበኒ።

# ቀዳማይ ኣስተንትኖ

ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ሕይወትና ሰላም ንኽንረክብ ምናልባት እቲ ዝበርተዐ ክንገብሮ ዝግበአና፣ ነቲ ኩሉ ኣብ ሕይወትና ዜጋጥመና ኣሜን ኢልና ምቕባል እዩ። እዚ ከአ ሓጕስ፣ ባህታ፣ ከምኡ'ውን ኩሉ እቲ በብዓይነቱ ኣብ ሕይወት ዘጓንፈና ፀገም፣ ስቓይ፣ ሽግር፣ የጠቓልል።

እዚ ተግባር ወይ ልምምድ እዚ፣ ምናልባት ዜሰምብድ ኮይኑ ክረኣየና ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ ድማ ምስ'ቲ ናይ ዓለም ኣተሓሳስባን ፍልስፍናን ዚኸይድን ዚሰማማዕን ስለዘይኮነ እዩ። ብርግጽ ወዲ ሰብ ሓላፊ ገዛኢ ናይ ኩሉ ነገራት፣ ከምኡ'ዉን ንኹሉ እቲ ዘድልዮ ንኪረክብ እዩ ኣብ ሓንጎሉ ዚቐርጽ። እቲ ዚኾነ ይኹን ናይ ምቕባል ባህሪ ዓቢ እምነት ይሓትት። ክንአምን ይግበአና። ኣብ መወዳእታ ግና ኩሉ ካብ ኢድ ኣምላኽ ኢዩ። እምነት ብተወሳኺ ንዓና ኩሉ እቲ ሓቕታት ብክልሰ-ሓሳብ ኣሉታዊ ዝመስለና ሓደ መዓልቲ እወታዊ ኪኸውን እዩ።

እዚ ተግባር ናይ እምነት እዚ ክንፍጽም እዩ ቅዱስ መጽሓፍ ዚዕድመና። ኢዮብ ከምዚ እናበለ ይዛረብ፦ "ንሱ ግና *"ንስኺ ኸም ኣዘራርባ ዓሻ ሰበይቲ ትዛረቢ ኣሎኺ። ካብ ኣምላኽ ሠናይ ነገር ካብ ተቐበልና፥ ነቲ እኩይ ነገርከ ኽንቅበሎዶ ኣይግበኣናን እዩ ?"* በላ። (ኢዮ.2:10 )

ቅዱስ ያዕቆም ኣብ'ቲ መጀመርታ ገጽ ናይ መልእኽቱ ካብ'ዚ ንላዕሊ ይኸይድ፦ *" ኣኅዋተይ፥ ብዙኅ ዚኾነ ፈተና ኪበጽሓኩም ከሎ፥ ንኹሉ ኸም ሓጐስ ቁጸርዎ።* (ያዕ.1:10)

ሰላም ንምርካብ፡ እምበኣር ንኹሉ ነገር ኣብቲ መዓልታዊ ሕይወትና ዘጓንፈና ሓጕስ ይኹን ስቓይ ብእምነት ኣሜን ቢልና ክንቕበሎ ይግበኣና። ብሩህ ኪኸውን ዘለዎ እዚ ማለት ግና ልሙሳት ኮይና ክነብር ማለት ኣይኮነ። ብዝከኣለና መጠን ነቲ ዘጓነፈና ስቅያትን፡ ነቲ ኩሉ ኣብ'ዚ ዓለም ዘሎ ኃጢኣትን ሕማቕን ክንኣልን ክነወግድን ክንጽዕር ኣለና። እንተኾነ ግና ጽቡቕ ጌርና ንፈልጥ ኢና ናትና ክእለትን ጻዕርን ብዘየገድስ ካብ ክእለትናን ዓቕምናን ወጻኢ ዝኾኑ ክንቆጻጸሮም ዘይንኽእል ብዙኃት ዘሳቕዩ ኩነታት ኪህልዉ እዮም። ገዛእ ርእስና ሓይሊ ዘይብልና ኮይና እንርከበሉ ግዜ ክህሉ እዩ። እሞ እንታይ ንግበር፣ ክንእድም፣ ተስፋ ክንቆርጽ፣ ኣይኮነን! እንታይ ደኣ ከም'ቲ ንሕና ኪኸውን ኣለዎ ኢልና እንሓልሞ ዘይኮነስ፡ ነቲ ሓቂ፡ ነቲ ኩነት ከምዘለዎ ንኽንቅበል፡ ገዛእ ርእስና ብእምነት ኣብ ሕቑፊ እግዚኣብሔር ንውደቕ።

ብእምነት ምቕባል ማለት ነቲ ኣብ ሕይወትና ዚኸውን ኩሉ ነገር፡ ድሮ ቀዲሙ ዚተመደበ ዘይተርፍ ክውገድ ዘይክእል እዩ ማለትና ኣይኮነን። ወይ ከኣ ንኹሉ ነቲ ኣብ'ዚ ዓለም እዚ ዚኸውን ወይ ዚፍጸም ኩሉ ነገር ናብ መለኮታዊ ድልየት ክነጸግዖ ኣይንኽእልን። ኣብ'ዛ እንነብረላ ዓለም ብዙኃት ነገራት ዚፍጸሙ ኣሎዉ፡ ግን ከአ ድልየት እግዚኣብሔር ዘይኮኑ። እንተኾነ ግን እግዚኣብሔር ብምሥጢራዊ መንገዲ የፍቅዶም። ብተወሳኺ፡ እንተ ፈቒዱዎም ግን፡ ካብ'ቶም ፍጻሜታት እቲኣቶም ገለ ሠናይ ነገር ከውጽእ ዚደለየሉ ምኽንያት ኣሎ ማለት እዩ። ኣብ'ዚ ኩነታት እዚ እዩ እቲ ጥበቡን ሓይሉን ዚግለጽ። እግዚኣብሔር ካብ ሕማቕ ሠናይ ኬውጽእ ዚኽእል ከኣል ኩሉ እዩ። ብዛዕባ እዚ ኣኃዛዊ መረዳእታ የብልናን፡ ኣብ'ዚ ክንርድኦ ዘለና ብእምነት ጥራሕ ዝግለጽ፡ ወይ ተግባር እምነት እዩ። እዚ ብሓቂ ብእምነት ክንሰግሮን ክንምኮሮን ዘለና ሓቀኛ ጸዋዕታ እዩ።

እንተ ኾነ ግና ነዚ ዓይነት ተግባራት እምነት ክንፍጽምን ክንገብርን እዩ ክርስቶስ ጐይታና ብወንጌሉ ዚዕድመና። እንታይ ከምዝበለ ክንዝክር፦ "አይትፍርሁ" "ብዛዕባ ወላ ሓንቲ ኣይትሸገሩ" ፤ ኣብ ዓለም ሸግር ኣለኩም፡ እንተ ኾነ ኣነ ንዓለም ሰዒረያ እየ"….." ቅዱስ ጳውሎስ ነዚ ናይ ክርስቶስ ጐይታና ቃልን ዕድመን ንምርግጋጽ፡ "ነቶም ንአምላኽ ዜፍቅሩ ከም መደቡውን ዝተጸውዑ ግና፡ ኹሉ ንሠናይ ከም ዚድግፎም ንፈልጥ ኢና" ይብል። (ሮሜ. 8:28)

እዚ ዓይነት ኣረአእያ እንተ ዘይብልና፡ ኩሉ ግዜ ምስ ሕይወት ኣብ ኩናት ክነብር ኢና፡ ክንቀጣዕ ኢና፡ ኩሉ ጊዜ ነገራት ከምቲ ዝደለናዮም እንተ ዘይከይዶም፡ ኣብ ተስፋ ቊርጸት ክንርከብ ኢና። ብዝኾነ መንገዲ ከኣ ሰላም ከነስተማቕር ኣይንኽእልን ኢና። ነቲ ሓቂ ዚኾነ ብምቕባል፡ ነቲ ዚመጻና መስቀል ብምክፋልን ብምስካምን፡ ኣብ'ቲ ዚተገራጨወ ምልክታት፡ ኣብ'ዚ ኢና እቲ ዘይተርፍ ሰላም ክንረክብ እንኽእል። ነቲ ዘጓንፈና ፈተናታት ኮነ ነቲ ዚተቐረበልና ጽዋዕ ኣብ ክንዲ ምንጻግ እንተ ተቐቢልናዮ፡ መወዳእታ ናይ'ዚ ኩሉ ሰላም ንጭብጥ። እዚ ሓደ ዜደንቕን ዜሓጒስን ተመክሮ እዩ።

በዚ መንገዲ እዚ ምስ እንሥርሕ ማለት ብሓቀኛ ተግባር እምነት ኣብ ናይ እግዚአብሔር ተኣማንነት ምስ እንሥርሕ ደሓር ኣብ መወዳእታ እቶም ፈተናታትን ሸግራትን ክሳብ ክንደይ አውንታዊ ውጽኢት ከምዘለዎም ተመክሮ ክንገብር ኢና ወይ ክንርኢ ኢና። ጸገምን ጸበባን ንገዛእ ርእስና ብዝሓሸ ንሓቂ ንኽንፈልጣ ይግድዱና። ነቲ መሠረታዊ ድኽነትና ንኽንርኢ፡ ነቲ ዘይጠቅም ሕልምናታትናን፡ ነቲ ኣብ ጸቢብ ጥበብ ዝዘንበለ ሓሳባትና ከም እንድርብን ንነጽግን ይገብረና።

ኣብ'ዚ ንጸገማት ማለት ነቲ ኣብ ገዛእ ርእስናን፡ ኣብ ሕይወትን፡ ኣብ ካልኦት ዘለና ኣረኣእያን ከም እንልውጥ ይገብሩና። ብእምነት እንተ ተቐበልናዮም ከኣ ናብ ሓደ ዓሚቝ ዚኾነ ዝርርብ ይመርሑና። ናይ'ዚ መወዳእታኡ ከኣ ንረብሓና ምኳኑ ይግለጸልና። እዚ ድማ ኣብ ሕይወትና ብዝጭበጥ መንገዲ እግዚኣብሔር ክሳብ ክንደይ እሙን ምኳኑን መሓሪ ምኳኑን፡ ካብ ኩሉ ነገራት ከመይ ጌሩ ሠናይ ኬምጽእ ከምዚኽእል ከም እነስተማቕር ይገብረና።

# ጸሎት

*ናብ'ታ ንግሥተ-ሰላም ዝኾነት እኖና ቅድስቲ ድንግል ማርያም ቀሪብና ብእምነት ንጸሊ ።*

ሰላም ንዓኺ ኦማርያም፡ ጸጋ ዚመልኣኪ፡ እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ። እንካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ፡ ናይ ከርስኺ ፍረ ከኣ ዝተባረኸ እዩ። ኦ ቅድስቲ ማርያም ኣደ ኣምላኽ፡ ለምንልና ነዓና ንኃጥኣን ሕጂን ብጊዜ ሞትናን፡ ኣሜን። እቲ ሓያልን መሓርን ዝኾነ እግዚኣብሔር ኣቦን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ይባርኸናን ይሓልወናን። ኣሜን!

# ጸጋ ንምርካብ ዝቐርብ ልመና

ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ጸሎትን ኣስተንትኖን እምበኣር ነገዛእ ርእሰይ ከምዚ እናበልኩ እሓትት፦ ኣየናይ እዩ እቲ ሎሚ ኣብ ሕይወተይ ንኽቕበሎ ዘጸግመኒ፧ ነዚ ሓቂ እዚ ብእምነት ንኽቕበሎ ንእግዚኣብሔር ጸጋታቱ ኪህበኒ እልምኖ። እግዚኣብሔር ካብ'ዚ ፀገም እዚ ጽቡቕ ኬውጽእ ከምዚኽእል ብምእማን፡ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ጸጋኡ ኪህበኒ እልምን።

# ብርሃን ካብ እሙን ምስክርነት

"ኩሉ ጻዕርኻ ሓደ ነገር ንኽትትከውን ዘይኮነ፡ እግዚብሔር ስለዝደለዮ ጥራይ እቲ እግዚአብሔር ዚደልዮ ኮይንካ ክትርከብ ሥራሕ ። ብዚቐልጠፈ ሰላም ኪመልአካ እዩ"። ኃው ማሪየ

# ካልኣይ ኣስተንትኖ ኣብ ልዕሊ ቃል ኣምላኽ

"ነቶም ንኣምላኽ ዜፍቅሩ ከም መደቡ'ውን ዚተጸውዑ ግና፡ ኩሉ ንሥናይ ከም ዝድግፎም ንፈልጥ ኢና።" (ሮሜ. 8:28 ) ነዚ ቃል እዚ ኣብ ሓንጎለይ ብምስፋር ኣብ'ዚ መዓልቲ እዚ ደጋጊመ የስተንትኖ፡ "ነቶም ንአምላኽ ዜፍቅሩ ከም መደቡውን ዚተጸውዑ ግና ኹሉ ንሥናይ ከም ዚድግፎም ንፈልጥ"



# ፱ይ - መዓልቲ

# ሰላም ንኽትረክብ ሕጂ ንበር

# መዓልታዊ ኣስተንትኖ

## ዕድመ ንኣስተንትኖ

ኣብ'ዛ ግዜን ሰዓትን እዚአ ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኮይነ ብዛዕባ ህሉው ኩነታተይ ብሕሳብ፤ ብህድኣት የተንፍስ፡ ብዓይኒ እምነት፡ ንገዛእ ርእሰይ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣቦ መንግስተ ሰማይ ዝኾነ፤ ብለውሃት ዘፍቅረኒ እግዚአብሔር ኣምላኽ አቕርባ። ነቲ ንስኻትኩም ማኅደር መንፈስ ቅዱስ ምኧንኩም ዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም" ዚብል ቃል ቅዱስ ጳውሎስ እናዘከርኩ፡ ነቲ ኣብ ልበይ ማኅደር ጌሩ ዘሎ ኣምላኽ ብምስትውዓልን ጥንቃቐን ንገለ ደቓይቕ ኣስተንትን።

## ምልክት መስቀል

ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ ኣሜን!

## ጸሎት ናብ መንፈስ ቅዱስ

ኦ መንፈስ ቅዱስ፡ ንስኻ ብርሃነይ ኢኻ፡ ንስኻ መጸናንዕየይ ኢኻ፡ ነዓ ነይዚ መዓልቲ እዚ ጸሎተይ ምራሕ። ነቲ ጽባቐን ዓሚቕ መለኮታዊ ፍቕሪኻን ከምዝፈልጥን ከምዘስተማቕርን ግበረኒ። ነዓ ናይ እግዚኣብሔር ሰላም ኣብ ልበይ አስርጽ። ከምኡውን ነዚ ሰላም እዚ ኣብ መንጎ ኣኅዋተይን ኣኃተይን ንኽዘርግሕ ክእለትካን ጸጋኻን ሃበኒ።

# ቀዳማይ ኣስተንትኖ

ሎሚ ኣብ'ቲ ኣብ'ዚ ናይ መጨረሽታ ሱባዔናን፡ ኣስተንትኖናን፡ ጸሎትናን፡ ነቲ ውሽጣዊ ሰላምና ዘተባብዕ ናይ መጨረሽታ ባህሪ ክነስተንትን ኢና። ንሱ ኸአ ከምቲ ኣቐዲምና ዚረኣናዮ "ሰላም ንኽትረክብ ሕጂ ንበር ዝብል" ኣርእስቲ ወሲድና ክነስተንትን ኢና።

እቲ ዝዓበየ ናይ ውሽጣዊ ሰላምና ጸላኢ እዚ ዝስዕብ ዝንባሌ እዩ ። መብዛኅትኡ ጊዜ ኣብ'ቲ ናይ ዚኃለፈ ማለት ኅሉፍ ሕይወትና ወይ ናይ መጻኢ ሕይወትናን መደባትናን ክንሠርዕ ክንሓስብ ጊዜና ነባኽን። እዚ ዝንባሌ እዚ ብዙኅ ጊዜ ብዙኅ ጭንቀትን ሻቕሎትን ይፈጥረልና።

ናይ እግዚአብሔር ኣምላኽ ሰላም ክንቅበል እንተደሊና፡ ነቲ ኅሉፍ ሕይወትና ኣብ'ቲ መወዳእታ ዘይብሉ ምሕረት እግዚኣብሔር ኣምላኽ ብምእማን ንዚመጽእ ከኣ ኣብ ኢድ ሓልዮትን ሕያውነትን እግዚአብሔር ብምውዳቕ ብዝከኣለና መጠን ኣብ ሕጂ ክንነብር ክንጽዕር ኣሎና። ኩሉ እቲ ሎሚ ክንገብሮ ዚግበአና ተግባራት ሎሚ ክንገብሮ ክንጽዕር ኣሎና። እቲ ናይ ኅሉፍ ሕይወትና ጓህን ናይ መጻኢ ሕይወትና ፍርህን፡ ነዚ ሎሚ ናይ ሕጂ ሕይወትና ሸኽም ኪኸውን የብሉን።

እዚ ቀሊል ኣይኮነን፡ መንፈስና ቀዋሚ ኣይኩነን። ኣብ ክንዲ ሎሚ እንታይ ንግበር ቢልና ንጭነቕን ብምሉእ ሓይልና ኣብኡ ንዋፈርን፡ ብዙኅ ጌዜ ሓሳባትናን ሕልምናን ናብ ኅሉፍ ወይ ናይ መጻኢ ኪጥምት ይርከብ።

ሓደ ሓደ ጊዜ፡ ናብ ድኅሪት ክንምለስ ብሓቂ ጽቡቕ እዩ። ካብ'ቲ ኅሉፍና ገለ ትምህርቲ ክንወስድን ተመሊስና ኣብ'ቲ ኅሉፍ ጌጋና ከይንወድቕን፡ ወይ ከኣ ኣብ'ቲ ኣድላዩ

ዝኾነሉ ምሕረት ክንሓትትን፡ ምሕረት ክንህብን ወይ ምናልባት ክሳብ ሕጂ ብምልኣት ንእግዚአብሔር ኣምላኽና ዘይረኸብናዮ ዚኣረገ ቁስሊ እንተ'ሎና፡ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ ብተኣማንነት ከነረክቦ የድሊ። እንተኾነ ግና፡ ነቲ ዚኃለፈ እና ዘከርና፡ ንገዛእ ርእስና ብጣዕሳን ጸጸትን እና ተሳቐና ካብ ምንባር ብጽኑዕ ከነወግዶ ኣሎና። ሓደ ሓደ ግዜ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽና ብጉድልነትናን ኃጢኣትናን ምሕረት ድኅሪ ሓቲትና፡ ድሮ ኣብ ኢድ እግዚአብሔር ኣቐሚጥናዮ ኣሎና ማለት እዩ። ናብኦም ንድኅሪት ምምላሰ ኣየድልን እዩ። እኳ ደኣ እግዚኣብሔር ካብኡቶም ሠናይ ከምዘምጽኣልና ርጉጻት ክንከውን ይግበኣና። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ዘይከኣል የለን። ካብ'ቲ ጌጋታትና ክይተረፈ ሠናይ ነገር ኬውጽእ ይኽእል እዩ።

ሕሉፍ ነገራት ብዙሕ አይጠቅሙናን ኢዮም። ሕሉፍ ሕይወትና ክንዝክሮም ብጣዕሚ አድላይ ኢዩ። ምሉእ ብምሉእ አብ ኢድ እግዚአብሔር ክንድርቢዮም ሎሚ ብእምነትን ፍቕርን ክነብር ክንውሰንን ነቲ ኹሉ ዝኾነ ይኹን ጸዋዕታና ንዝሓተና ንኽንምልስ ድልዋት ክንከውን የድሊ። መዓልታዊ ንግሆ ንግሆ ነዚ በዚ ተሰፋ እዚ መዓልትና ክንጅምር ክንጎዓዝ የድሊ።

መዓልታዊ ክንነብር ክንመሃር ኣዝዩ ጽቡቕ እዩ ። ብፍላይ ከኣ ኣብ'ቲ ጽንኩር ጊዜን ኩነታትን። ኣብ'ዚ ንገዛእ ርእስና ክንሓትት ክንመሃር ኣሎና። ንኹሎም ኣብ ሕይወትና ዘጓንፉና ጸገማት ክንፈትሖም ከይበልና፡ ነቲ ናይ ኅሉፍ ዳግም ክንዝክር ብዘይምድላይን፡ ነቲ ናይ መጻኢ ክነረጋግጽ ከይደለናን፡ ዚኾነ ይኹን እንገብሮ ሎሚ ክንገብሮን ክንነብሮን ይግበኣና። *"እምበአርከስ፥ ጽባሕ ንርእሳ ትጭነቕ እያ እሞ ብዛዕባ ጽባሕ ኣይትጨነቑ፥ ንመዓልቲ መከራኣ ይኣኽላ እዩ"።* (ማቴ.6:24)

ነቲ ናይ ሎሚ ክንገብሮን ክንነብሮን ዘሎና ገዲፍና፡ ንመጻኢ እንታይ ክንገብር ከምዘሎና፡ መጻኢና ከመይ ኪኸውን ከምዘለዎ ክንሓስብን ክንሓልምን መደብ ክነውጽእን፤ ብተወሳኺ ንመጻኢ ኪመጹና ይኽእሉ እዮም ዝበልናዮም ዘይጭበጡ ነገራት ኣቐዲምና ንኽንፈትሖም ምሕሳብ፡ እዚ ዓይነት መደባት ካብ ሕይወትና ክነወግዶም ኣሎና። እቲ ንመጻኢ መደባት እንገብሮ እቲ ዝበዝሕ ጊዜ ዜጨንቐን ሰላም ዚኸልእን እዩ ዚኸውን። ጽባሕ እንታይ ሒዙ ይመጻና፣ ንዚመጽእ ዓመት እንታይ ክንከውን ኢና፣ ድኅሪ ዓሠርተ ዓመት እንታይ ክንከውን ኢና፣ ቢልና ክንሓስብ ብዙኅ ወርቃዊ ዚኾነ ጊዜን ሓይልን ነጥፍእ።

ኣብ ክንድኡ ግና ኣብ'ዛ መዓልቲ እዚኣን እዛ ጊዜ እዚኣን፡ ነቲ ክንገብሮ ዘሎና ኣድላዩ ነገር ብምግባር ክንሕጉስ ይግበኣና። ምኽንያቱ፡ እቲ ሎሚ ክንገብሮ ዘሎና እንተ ገበርና፡ ጽባሕ ከንሕጉስ ኢና። መጻኢ ሕይወትና ከም'ቲ ክርስቶስ ብቃሉ ዚዓድመና፡ ኣብ ሓልዮት እግዚኣብሔር ክነቐምጦ ይግበኣና። ወትሩ ነቲ ሕያው ቃሉ ንዘክር፦

*"እምበኣር 'እንታይ ክንበልዕ ኢና፥ እንታይ ክንሰቲ ኢና፥ እንታይ ክንክደን ኢና፥' ቢልኩም ኣይትጨነቑ። ነዚ ኩሉስ ኣሕዛብ'ውን ይደልይዎ እዮም እሞ፥ ንኣኻትኩም እዚ ኹሉ ከም ዜድልየኩም፥ ናይ ሰማይ ኣቦኹም ይፈልጥ እዩ። ንስኻትኩም ግና ቕድም መንግሥቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ፥ እዚ ኹሉ ድማ ኪውሰኸልኩም እዩ ። እምበኣርከስ፥ ጽባሕ ንርእሳ ትጭነቕ እያ እሞ ብዛዕባ ጽባሕ ኣይትጨነቑ፥ ንመዓልቲ መከራኣ ይኣኽላ እዩ።"* (ማቴ.6:31-34)

እዚ ማለት ግን፡ ዕውራት ኮይና ምጕዓዝ፡ ወይ ካብ ኃላፍነት ምህዳም ማለት ኣይኮነን። ገለ ገለ ግዜ ብዛዕባ መጻኢ ክንሓስብ ንመጻኢ ክንቀራረብን የድልየና እዩ።

እንተኾነ ግና እቲ ዚኽፈል ከፊልና ከነወግዶ ዘለና ጭንቀትን ፍርህን እዩ። እዞም ሓሳባት ወይ ስምዒታት እዚኦም ሎሚ ንኽነብር፡ ንእግዚኣብሔርን ገዛእ ርእስናን ንካልኦትን ድልዋት ንኽይንኸውንን ይርብሹናን ጠጠው የብሉና። ኣብ ሕይወትና ኣብ ሥራሕ ተግባራት ትሑዛት ክንከውን ደኣ አለና እምበር፡ ክንሽገር የብልናን።  ቅዱስ ማክስሚሊያኖ ከም'ዚ እናበለ ይዛረብ፦ "ፍቕርን ሠናይ ተግባራትን ኣብ ልዕሊ ኩሉ ይዕወታ።

## ጸሎት

*ናብ'ታ ንግሥተ-ሰላም ዚኾነት እኖና ቅድስቲ ድንግል ማርያም ቀሪብና ብእምነት ንጸሊ።*

*ሰላም ንዓኺ ኦማርያም፡ ጸጋ ዝመልኣኪ፡ እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ። እንካብ ኣንስቲ ዚተባረኽኪ ኢኺ፡ ናይ ከርስኺ ፍረ ኸአ ዝተባረኸ እዩ። ኦ ቅድስቲ ማርያም ኣደ ኣምላኽ፡ ለምንልና ነዓና ንኃጥኣን ሕጅን ብጊዜ ሞትናን፡ ኣሜን። እቲ ሓያልን መሓርን ዚኾነ እግዚኣብሔር ኣቦን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ይባርኸናን ይሓልወናን። ኣሜን!*

## ጸጋ ንምርካብ ዝቐርብ ልመና

ነቲ ኩሉ ሕሉፍ ሕይወተይ እንደገና ኣብ ኢድ እግዚኣብሔር የቐምጦ።  እግዚኣብሔር ካብዚ ኾነ ነገር ሰናይ ከውጽእ ከምዝኽእል ብምእማን፡ መጻኢ ሕይወተይ ከአ ኣብኡ እተኣማመን። ነቲ ሎሚ ኣብ'ዚ ሰዓት እዚ ክገብሮ ዘሎኒ ጌረ ንኽኽእል ጥራይ ከኣ ንኣምላኽ ጸጋታቱ ኪህበኒ እልምኖ።

# ብርሃን ካብ እሙን ምስክርነት

ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ጠምት፡ ብዛዕባኡ ከኣ ሕሰብን ተጨነቕን። ኣብ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣብ'ቲ መወዳእታ ዘይብሉ ንዓኻ ዘለዎ ፍቕሪ ብምርኣይ ኩሉ ጊዜ ብእምነትን ሰላምን ተቐበሎ። ኃው ማሪየ

"ኅሉፍ ሕይወተይ ኦ ጐይታይ! ኣብ ምኅረትካ፤ ናይ ሎሚ፡ ናይ'ዛ ሰዓት እዚኣ ኣብ ፍቅርኻ፤ መጻኢ ሕይወተይ ኣብ ሕያውነትካ ኣማዕቈብ"። ፓድረ ፒዮ

# ካልኣይ ኣስተንትኖ ኣብ ልዕሊ ቃል ኣምላኽ

ነዚ ናይ ማቴዎስ ቃል ደጋጊመ ኣንብቦን ኣስተንትኖን።

"እምበአር 'እንታይ ክንበልዕ ኢና፥ እንታይ ክንሰቲ ኢና፥ እንታይ ክንክደን ኢና፥' ኢልኩም አይትጨነቑ። ነዚ ኩሉስ ኣሕዛብ'ውን ይደልይዎ እዮም እሞ፥ ንኣኻትኩም እዚ ኹሉ ከም ዜድልየኩም፥ ናይ ሰማይ ኣቦኹም ይፈልጥ እዩ። ንስኻትኩም ግና ቕድም መንግሥቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ፥ እዚ ኹሉ ድማ ኪውሰኸልኩም እዩ ። እምበአርከስ፥ ጽባሕ ንርእሳ ትጭነቕ እያ እሞ ብዛዕባ ጽባሕ ኣይትጨነቑ፥ ንመዓልቲ መከራኣ ይኣኽላ እዩ።" (ማቴ.6:31-34)

እዞም ቃላት እዚኦቶም ኣብ ልበይ ይሕዞም። ኣብ'ዛ መዓልቲ እዚኣ ከኣ፡ ኣብ ኩሉ ምንቅስቓሰይ እንዳደጋገምኩ ኣስተንትኖም። እምበአርከስ፥ ጽባሕ ንርእሳ ትጭነቕ እያ እሞ፡ ብዛዕባ ጽባሕ ኣይትጨነቑ፥ ንመዓልቲ መከራኣ ይኣኽላ እዩ።"

# መደምደምታ

ዝኸበርኩም ኣኅዋትን ኣኃትን ሰላም ምንጪ ኩሉ ሓጎስና እዩ። ካብ'ዚ ጽሑፍ ተበጊስና እምበአር ኣብ መዓልታዊ ክርስቲያናዊ ሕይወትና ንሰላም ክንደሊያን ሓደ ጥዑይ ዝኾነ ዝምድና ክንምስርትን ንዕደም። ኣብ'ዚ ክንርድኦ ዘለና ዝምድና ወይ ጥዑይ ርክብ ሰላም ዚምሥረት ኣብ እምነት፡ ሓቅነትን ቅንዕናን፡ ክብሪ ወዲ-ሰብ ብምሕላውን እዩ። እግዚኣብሔር ኣምላኽ እግዚኣብሔር ኣምላኽ እና በልካ ኣይኮነን። እንታይ ደአ ፍቓድ እግዚአብሔር ኣምላኽ እናፈጸምካ እዩ።

ኣብ ዝኾነ ኩነታት ሕይወት ሃሉ፡ ምስ ገዛእ ርእስኻን ምስ ኣኅዋትካን ብሰላም ንኽትነብር ካብ ባእስን ክርክርን ክትርሕቕ ኣሎካ። ነቶም ዘጓኑፉኻ ፀጋማት ከይወዓልካ ከይኃደርካ ክትፈትሖም ጸዓር። "ኣብ ኩራኹም ፀሓይ ኣይዕረብኩም" ውልቃዊ ጠባያትካ ኣብ ሓፂር ጊዜ ፍትሓዮም። ብኸመይ እንታይ መገዲ ንጠቀም፧

ሓፈሻዊ መምርሒ ኪኾኑና ዚኽእሉ እዞም ዚስዕቦ ክንርኢ ንኽእል። ንኣብነት ሰባት ብዘይ ዚኾነ ምኽንያት ኪጸልኡኻ ኪርከቡ ይኽእሉ እዮም። እዚ ግና ክንፈልጦ ዘሎና ስለ ዘይደለዩኻ ወይ ስለ ዚጸልኡኻ ኣይኮኑን፡ ንገዛእ ርእሶም ከም'ቲ ዚግባእ ስለ ዘይፈተዉ ስለዘየፍቅሩን ጥራይ እዮም። ሓደ ሰብ ዕቡይ፡ ምኩሕ፡ ዘይእሩም፡ ንሰባት ኣኽብሮት ዘይብሉ ከም ሓቂ ንገዛእ ርእሱ ክብርን ፍቕርን ዘይብሉ ሰብ ጥራይ ስለዝኾነ እዩ። እቲ ንኻልኦት ክብረት ዘይሀብ ወይ ዘይብሉ ንገዛእ ርእሱ ዘየኽብር ጥራይ እዩ። ከምቲ ኣብ'ዚ ጽሑፍ እዚ ደጋጊምና ዚገለጽናዮ፡ ውሽጣዊ ሰላም ሓደ ካብ'ቶም ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ክንውንኖም ክንጽዕር ዘሎና ኣድለይቲ ህያባት እግዚኣብሔር እዩ።

እዚ ህያብ እዚ ብምርካብ ኢና ንሕና ኣብ'ቲ ሓቀኛ ፍቕሪ ርእሰናን ኃውናን ክንነብር እንኽእል። በዚ ጥራይ ኢና ነቲ ትእዛዝ ኣምላኽናን ጐይታናን ኣብ ግብሪ ክነውዕሎ እንኽእል። ሰላም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ሓጐስ፡ ቡራኬ፡ እዩ። ኢየሱስውን እንተኾነ ካብ ሞት ምስ ተንሥአ፡ እታ ቀዳመይቲ ቃል ንሓዋሪያቱ ዜሰምዖም ብሥራት ሰላም እያ። "ሰላም ንዓኻትኩም ይኹን" ድማ በሎም። ስለ'ዚ ምንጪ ሰላምናን ሓጐስናን እንታይ እዩ፧ እንተበልና፡ እቲ መልሲ እመነትና እዩ። እቲ ጐይታናን ኣምላኽናን ምንጪ ሰላምና እዩ። ሰላም ኣብ መንጎ ኣሕዛብ ንምትካል ከአ ካብ ሰማየ ሰማያት ወሪዱ ኣብ መንጎና ሓዲሩ ሰላም ገበረ። *"ኣምላኽ በቲ ወዱ ኣብ መስቀሉ ዜፍሰሶ ደም ገይሩ ሰላም ገበረ፥ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎን ኣብ ሰማያት ዘሎን ዘበለ ኩሉ ከኣ፡ ምስ ገዛእ ርእሱ ዓረቐ"።* ቆላ.1:20

"ጐይታይ ናይ ሰላምካ መሳሪሒ ግበረኒ" ይብል ቅዱስ ፍራንቸስኮ። ብዙኅ ጊዜ ሰባት በዲሎሙና ቢልና ብዙኅ ንሓዝንን ንጭነቕን፡ ሰባት ኢና ስለምንታይ ኢልና ንገዛእ ርእስና ንሓትት መልሲውን ንስእነሉ ጊዜ ኣሎ። እቲ በዳሊና ግና ካባና ንላዕሊ ከም ዚጭነቕ፡ ሰላም ከምዝስእንን ምርዳእ የድሊ። ካባና ንላዕሊ ድቃስ ከም ዚስእን ምርዳእ የድሊ። እወ ኣይድቅስን እዩ፡ ምኽንያቱ ውሽጣዊ ቅልውላው ኣሎዎ፡ ከምውጽኢቱ ኣብ ዕግርግር ይነብር። ስለ'ዚ ንሕና ነዚ ከም'ዚ ዚኣምሰለ ሰብ ክንሕግዞ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ሞራላዊ ሓላፍነት ኣሎና። ከመይ ከም'ቲ ቅዱስ ርእሰ-ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮስ ኣብ ሓደ ትምህርቶም ዚበሉዎ ብተግባራትናን ብምስክርነትናን ሸለል ብምባልናን ነዚ ኣንበሳ ኲይኑ ዚሰምዖ ዘሎ ኃውና ወይ ኃውትና ናብ ሓደ በጊዕ ክንቅይሮ ንኽእል ኢና።

ሓደ ሰብ ንገዛእ ርእሱ ዘይፈቱ እንተኮይኑ፡ ፍቕሪ ገዛእ ርእሱ ይኸኑን ኣብ ገዛእ ርእሱ ተኣማንነት ኪህልዎ ኣይክእልን እዩ። ስለ'ዚ ኩሉ ጊዜ ብስኽፍታ ይነብር። ሰላም ናይ ካልኦት ኪዘርግ ይነብር። ፈቲዩ ኣይኮነን ኣብ ውሽጡ ሰላም ስለዘይብሉ እዩ። ምእንቲ'ዚ ውሽጣዊ ሰላም የድሊዮ። ኣብ ፍርሂ ይነብር፡ እዚ ከኣ ውጽኢት ናይ'ቲ ውሽጣዊ ሕርቃኑን ቍጣዓኡን እዩ። እዚ ፍርሂ እዚ ድማ፡ ነቲ ውሽጣዊ ሕርቃኑ መልሱ ዚህበሉ ኣገባብ እዩ። ብሥነ-ኣእምሮኣዊ ኣጠማምታ እንተራኣናዮ፡ ነቲ ርእስኻ ናይ ምቁጽጻር ኣጢፊእኻዮ ዘሎኻ ክእለት ወይ ዓቕሚ ንምትካእ ዝግበር ፈተነ እዩ። ነዚ ከኣ ብቝጠዓ ወይ ሕርቃን ክትኽሕሶ ወይ ክተዓግሦ ትጽዕር ወይ ትፍትን። ስለ'ዚ ሕይወት ወዲ ሰብ ከም'ዚ ከም ዝኾነ እንተ ተረዲእና ብትሕትናን ሓሊዮትን ክንሕግዞ ጥራይ ኢዩ ዘሎና።

ዝኾነ ሰብ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ጽቡቕ ኪሰምዖ እንተኾይኑ፡ ናጽነት ክሰምዖ ወይ ኪህልዎ ኣሎዎ። እዚ ገዛእ ርእስኻ ዘይምቁጽጻር እምበኣር፡ ንሰብ እቲ ናጽነቱ ነቲ ናይ ምቍጽጻር ክእለቱ ይሰርቆ። ከምሳዕቤኑ ድማ ጽግዕተኛን ፈራህን ይገብሮ። *"እምበኣር ብእምነት ካብ ጸደቕና፡ ብጐይታና ብኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ኣምላኽ ሰላም ኣሎና። ብእኡ ከኣ ናብ'ዚ ሕጂ ዘለናዮ ጸጋ ብእምነት ኣቶና፡ ብተስፋ ተኻፈልቲ ኽብሪ ኣምላኽ ስለ ዝኾናውን ንምካሕ ኣሎና"* ። ሮሜ.5፡ 1-2

እቲ ቀዳማይ ምንጪ ውሽጣዊ ሰላም፡ እቲ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ እግዚኣብሔርን ዘሎ ሓቀኛ ርክብ እዩ። ካልእ ኩሉ ካብኡ እዩ ዚምንጩ። ኣብ'ዚ ታሪኽ ኣዳምን ሔዋንን ክንርኢ ንኽእል። ክሳብ ኣብ ትሕቲ እግዚኣብሔር ተኣዚዞም ዚነበሩሉ ጊዜ፡ ሰላምን ቅሳነትን ነበሮም። ንትእዛዝ እግዚኣብሔር ሸለል ቢሎም ኪጕዓዙ ምስ ጀመሩ ግና ሰላሞም ተዘርገ። ምስ እግዚኣብሔር ዚነበሮም ሓልዮትን ርክብን ኣጥፍኡ፡ ኣብ

መንጎኦም ክካሰሱ ይጅምሩ። ኣብ ኣቤልን ቃኤልን ኃው ኣብ ልዕሊ ኃው መቕተልቲ ንርኢ።

ኣነ መንገድን ሓቅን ሕይወትን እየ ቢሉና እዩ። ደቂ ሰባት ግና፡ ድኹማት ስለዝኾና፡ ነዚ መንገዲ እዚ ንስሕቶ። ኣምላኽና ግና ብዝተፈላለየ መገዲ እንደገና ናብ'ቲ ቅኑዕ መንገዲ ንኽንምለስ ይመርሓና። እግዚኣብሔርውን ወዲ ሰብ ኣብ ኃጢኣት ምስ ወደቐ፡ ነቲ ሓደ ወዱ ብምልኣኽ፡ ናይ ድኅነት መኣዲ ሥርዓልና። ክርስቶስ "ገበርቲ ሰላም፡ ውሉድ ኣምላኽ ኪበሃሉ እዮም እሞ፡ ብፁዓን እዮም ኢሉ ምሂሩና ኢዩ"። ሎሚ ልዕሊ ኩሉ፡ ዓለምና ሰላም የድልያ ኣሎ እሞ፡ ምእንቲ ሰላም ንሥራሕ፡ መሣርሕትን መሰከርትን ሰላም ንኹን። ኣሜን !

አባ ሓጎስ ተስፋጋቢር